# ኢትዮጵያ

# መማረፅታት ፖሊሲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር

ካብ መዳርግቲ ኣካለት ረኣዩ ንምእካብ ዝተዳለወ ረቂቕ

ጥሪ ፳፻፲፭ ዓ.ም

የሽግግር ፍትህ
TRANSITIONAL JUSTICE

# ትሕዝቶ

መእተዊ.......................................................................................4
ቀዳማይ ክፋል፡ታሪኽን ኣድላይነትን ስርዓት ፍትሒ ስግግር ኣብ ኢትዮጵያ..............................5
፩.፩ ዓለምለኻዊ ተመኩሮ ስርዓት ፍትሒ ስግግር..................................................5
፩.፪ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ኣብ ኢትዮጵያ............................................................6
፩.፫ ኣገዳስነት ስርዓት ፍትሒ ስግግር ኣብ ኢትዮጵያ.............................................10
ሀ) እቲ ዘሎ ሃገራዊ ኩነታት ዅለመዳያዊ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ዝጠልብ እዩ.......................11
ለ) ውፅኢታዊ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ኣብ ህንፀትን ምርግጋእን ዓዲ/ሀገረ- መንግስቲ እወንታዊ ግደ ኣለዎ............11
ሐ) ህንፅት ስርዓት ዴሞክራስን ዘላቒ ሰላምን ብዘይውፅኢታዊ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ኣይካኣሉን 12
መ) ስርዓት ፍትሒ ስግግር ንምኽባር ሰብኣዊ መሰላትን ልዕልነት ሕግን መሰረት የንፅፍ..........12
ካልኣይ ክፋል ፡ ስትራተጂታት/ስልትታት/ ንመማረፅታት ፖሊሲን ስርዓት ፍትሒ ስግግር............13
፪.፩ መእተዊ.......................................................................................13
፪.፪ ክሲ.............................................................................................13
፪.፪.፩ ሓፈሻዊ......................................................................................13
፪.፪.፪ ብኽሲ ዝረኣዩ ዋኒናት ገበን ?..................................................................14
፪.፪.፫ ኣብ ከይዲ ክሲ ዝጠቓለሉ ፈፀምቲ ገበን......................................................16
፪.፫ ትካላት፥ ከይዲ ምፅራይ፣ ክስን ፍርድን መን ይምራሓዮ?........................................17
፪.፫.፩ ሓፈሻዊ......................................................................................17
፪.፫.፪ ኣብያተፍርዲ...................................................................................18
፪.፫.፫ ምርመራን ክስን................................................................................20
፪.፫.፫.፬ ሕጋዊ ምምሕያሻት፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት ኣብ ሕጊ ሃገርና ምእታው................21
፪.፬ ምውፃእን ምግላፅን ሓቂ..........................................................................21
፪.፬.፩ ሓፈሻዊ......................................................................................21
፪.፬.፪ ቀንዲ ባእታታት ምውፃእ ሓቂ እንታይ እዮም?...............................................22
፪.፬.፫ ትካላት፡ ንኸይዲ ምውፃእ ሓቂ መን ይመርሓ?..............................................22
፪.፭ ዕርቂ...........................................................................................24
፪.፭.፩ ሓፈሻዊ......................................................................................24
፪.፭.፪ ዓይነታት ዕርቂ ኣብ ስርዓት ፍትሒ ስግግር.....................................................25
፪.፭.፫ ትካላት፡ ከይዲ ዕርቂ መን ይመርሓ ?...........................................................25
፪.፮ ምሕረት........................................................................................27

፪.፮.፩ ሓፈሻዊ ...... 27

፪.፮.፪ ኣብ ምውሃብ ምሕረት ኣብ ግምት ክኣትዉ ዘለዎም ነገራትን ዝህልዉ ቅድመ-ኩነታትን ...... 27

፪.፮.፫ ትካላት፥ ምሕረት መን ይህብ? ...... 28

፪.፮.፬ ምሕረት ብሕጊ መሰረት ክወሃብ ክማልኡ ዘለዎም ቅድመ-ኩነታት ...... 29

፪.፯ መትከሊ እግሪ ...... 30

፪.፯.፩ ሓፈሻዊ ...... 30

፪.፯.፪ ኣብ ከይዲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ዝህልዉ መልክዓት መትከሊ እግሪ ...... 31

፪.፯.፫ ቐንዲ ተግባራት ህንፀት ስርዓት ምትካል እግሪ ...... 32

፪.፯.፬ ትካላት፡ ንስርዓት መትከሊ እግሪ መን ይምርሓዮ/የተሓባብሮ? ...... 32

፪.፰ ትካላዊ ተሓድሶ ...... 34

፪.፰.፩ ሓፈሻዊ ...... 34

፪.፰..፪ ባእታታት ትካላዊ ምዕረያ ኣብ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ...... 35

፪.፰.፫ ትካላት፥ ንኸይዲ ትካላዊ ተሓድሶ ኣብ ስርዓት ፍትሒ ስግግር መን ይመርሖ? ...... 35

፪.፱ ውሳነ ዘድልዮም ካልኦት ወሰንቲ ጉዳያት ...... 37

፪.፱.፩ ወሰን ግዜ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ...... 37

፪.፱.፪ ግደ ምምሕዳራት ክልላትን ከተማታትን ኣብ ከይዲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ...... 41

፪.፱.፫ እጃም ባህላዊ ስርዓታት ፍትሒ ...... 42

፫ይ ክፋል፡ ከይዲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ዝምረሐሉም መትከላትን መማረፅታት ትካላዊ ኣቃውማን ...... 43

፫.፩ ከይዲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ዝምርሓሉም መትከላት ...... 43

፫.፪ መማረፅታት ትካላዊ ኣቃውማ ...... 45

፬ መደምደምታ ...... 47

## *መእተዊ*

*ብዙሓት ሃገራት ካብ ኲናት ሕድሕድ፣ ጐንጺ ወይ እውን ካብ ስርዓት ምልኪ ተሳጊረን ትርጉም ዘለዎ ጉዕዞ ፖለቲካን ዲሞክራሲን ንምጅማር ስርዓት ፍትሒ ስግግር ተግባቢረን እየን ። ውድብ ሕቡራት ሃገራት*[1] *ሃገራትን ህዝብብታትን ተሓታትነት፣ ፍትሕን ዕርቅን ብዝሓቝፍ መንገዲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ኣቢሎም ሰፊሕ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት ካብ ዝፍፀመሉ ሃዋህው ንኸወፅኡ- ተሓታትነት ፍትሕን ዕርቅን ብዘረጋግፅ መንገዲ ድጋፍ ክግበሮሎም ከምዝግባእ ብምግላፅ- ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ዝተሞኮሩ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ደጊፉ እዩ ። ብብርኪ ክፍለ-ኣህጉር፣ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ብ፳፻፲፩ ዓ.ም ዝደቐ ፖሊሲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ሕብረት ኣፍሪካ መንገድታት ስርዓት ፍትሒ ስግግር (ስሩዕን ዘይስሩዕን) ብኣሳተፉይ ከይዲ ምይይጥ ኣቢልካ ሕሉፋት ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት፣ ኣፈላላይን ዘይማዕርነታዊ ስርዓትን ንምፍታሕ፣ ከምውፅኢቱ ድማ ንስርዓት ዲሞክራሲ፣ ማሕበረ-ቑጠባዊ ምዕባለን ድሕንነትን ዝምቹ ሃዋህው ንምፍጣር ዘለዎ ጠቓምነት ልዑል ምኻኑ ይገልፅ።*[2]

*ካብ ካልኣይ ኲናት-ዓለም ጀሚሩ ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ዓለምና ዝተፈላለየ ትሕዝቶ ዘለዎም ስርዓታት ስግግር ፍትሒ ተግባራዊ ኮይኖም እዮም፡፡ብፍላይ ኣብ ደቡብ ኣሜርካን ሃገራት ኣፍሪካን ስርዓት ስግግር ፍትሒ ብዝተፈላለየ ደረጃ ተግባራዊ ኮይኑን ተሞክሮታት ድማ ተቀሚሩን፡፡ ካብ እዘን ሃገራት ዝረኸበኦ ብሉፅ ተሞክሮ ስርዓት ስግግር ፍትሒ ካልኦት ሃገራት ክሰርሕኡ ዝግባእ ስራሕትን ክኸተለኦ ዝግባእ ከይድን ምልላይ ተኻኢሉ እዩ፡፡*

*ኢትዮጵያ ኣብ ዝተፋላለዩ ኣጋጣምታት ዝተውሰኑ ባእታታት ስርዓት ፍትሒ ስግግር ኣብ ተግባር ንምውዓል ፈቲና እያ። ኮይኑ ግን ብምልኣት ዘስርሕ፤ ሜላታት ኣተገባብራ፣ ዕላማን ሸቶን ብዝግባእ ዝነፀረ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ስለዘይነበረ ዝተገበሩ ፃዕርታታ ዘይውፅኢታውያን፣ ብሰፊሑ ድማ ዝተበታተኹ ክኾኑ ገይሩዎም እዩ። ብመንፅር እዙይ፣ ስርዓት ዴሞክራሲ ንምጥንኻርን ዘላቒ ሰላም ንምርግጋፅን ምስ ወድዓውነትን ማሕበረ-ፖለቲካዊ ዓውድን ዝናበብ ሃገራውን ዓለምለኻውን ተመኲሮታት ዝቐመረ ሓፈሻዊ ፖሊሲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ምምዕባል ኣገዳሺ ኮይኑ ኣሎ። ስለዝኾነ ድማ ኣብቲ ዓውዲ ፍልጠት ሰፊሕ ፅንዓት ዘካየዱ ምሁራት ንስርዓት ስግግር ፍትሒ መበገሲ ዝኸውን ፅሑፍ ቀሪቡ እዩ፡፡ እዚ መበገሲ ሰነድ ካብቲ መፅናዕታዊ ፅሑፍ መሰረት ብምግባር ንዘተ ክኾኑ ዝኽእሉ ሓሳባት ንምቕራብን ንዝቕፅል ፖሊሲ*

[1] ውድብ ሕቡራት ሃገራት፣ ኣግባባት ስርዓት ፍትሒ ስግግር፥ ጥርኑፋት መምርሕታት ዋና-ፀሓፊ፣ ፳፻፪ ኣ.ግ.

[2] ሓፈሻዊ መነፀርታ መርሓ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ሕብረት ኣፍሪካ፣ ፳፻፲፩ ኣ.ግ.

እታዎታት ንምእካብን ዝተዳለወ እዩ።እዚ ሰነድ ሰለስተ ቐንዲ ክፋላት ኣለዉዎ። እቲ ቐዳማይ ክፋል ታሪኽ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ኢትዮጵያን ነዚ ዘለናዮ ህልው ኩነታት ዘለዎ ኣግባብነትን ይርኢ። እቲ ካልኣይ ክፋል መማረፅታት ፖሊሲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ኣብ ኢትዮጵያ ምስ ስፍሕ ዝበሉ ኣግባባት ይትንትን። እቲ ናይ መወዳእታ ክፋል ኣብ ኢትዮጵያ መማረፅታት ስርዓት ፍትሒ ስግግር ንምፍፃም ዘድልዩ ትካላዊ ኣቃውማታት መርሚሩ የቕርብ።

# ቀዳማይ ክፋል፡ታሪኽን ኣድላይነትን ስርዓት ፍትሒ ስግግር ኣብ ኢትዮጵያ

## ፩.፩ ዓለምለኻዊ ተመኩሮ ስርዓት ፍትሒ ስግግር

ኣብ ከይዲ ስግግር ዘሎ ማሕበረሰብ ካብ ዝነበሮ ኩነታት  እንትወፅእ ወይድማ ንምውፃእ ኣብ ዝገብሮ ፃዕሪ ብዋናነት ዝገጥሞ ፈተና ፤ ብኩናት ወይድማ ጨቋኒ ስርዓት ኣብ ዝነበረሉ እዋን ንዝተፈፀሙ በደላትን ሰፋሕትን ብዙሓትን ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ፍታሕ ክረኽቡ ምግባር እዩ፡፡እዚ ከይዲ ብዋናነት ቡዱላት ሙሉእ ፍትሒ ዝረኽበሉን ሕብረተሰብ ናብቲ ዝነበሮ ኩነታት ከይምለስን ዘላቒ ሰላም፣ ዕርቂ፣ ምርግጋእን ልዕልነት ሕግን ዝህልዎ ስርዓት ንምህናፅ ዝሕግዝ መንገዲ ምትካል ዘመልክት እዩ።

ስርዓት ስግግር ፍትሒ ተግባራዊ ዝገበሩ ሃገራት ዝተፈላለየ ሜላታት/ኣማራፅታት ተግባረዊ ገይሮም እዮም፡፡ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ሕሉፍ ባህሊ መጉዳእትን ዘይፍትሓውነትን ኣቋሪፁ ዘላቒ ሰላም፣ ዕርቂ፣ ምርግጋእን ልዕልና ሕግን ክሃንፅ ዝዓምም ከይዲ እዩ። ስርዓት ዲሞክራሲ ኣብ ዝተኸላ ሓደሽቲ ዓድታት ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲ ከይኹለፍን ስርዓት ምልኪ ዳግም ከይጥጥዕን ይከላኸል። ስርዓት ፍትሒ ስግግር ኣብ ጥቕሚ ምውዓል ዝሓለፉ ጥሕሰታት ብግቡእ ብምእራም ልዕልነት ሕግን ዘላቒ ሰላምን ንኽጉልብት ኣስተዋፅኦ ይገብር።

ብዙሓት ዓድታት ዝተፋላለዩ መርኣያታት ስርዓት ፍትሒ ስግግር ኣተግቢሮም እዮም። እዚ ኣካይዳ እዙይ ብዋናነት ኣብ ክስን ቅፅዓትን ትኩረት ብምግባር ንፈፀምቲ ገበን ግዚያዊ ዓለምለኻ ኣብያተ ፍርዲ ብምምስራት፣  ወይም ፍሉያት ኣብያተ ፍርዲ ኣብውሽጢ ዓዲ ብምጥያሽ ፍርዲ ክረኽቡ ምግባር ብበዝሒ ዝተርኣዩ ተሞክሮታት እዮም፡፡

ዘሎ ተመኩሮ ኣብ ተሓታትነት ገበን ጥራሕ ምትኳር ናይ ባዕሉ ጉድለት ከምዘለዎ እውን ዘርኢ እዩ። ቀዳማይ፣ ንፈፀምቲ ገበን ምቕፃዕ ንምውፃእ ሓቂ፣ ሕውየት፣ ዕርቅን ምትካል እግርን ንዅኒ

ስለዝገድፍ ዘላቒ ሰላም ኣየምፅእን። ንፈፀምቲ ገበን ናብ ፍርዲ ምቕራብ ነቶም ካልኦት ባእታታት ስርዓት ፍትሒ ስግግር እንተይሓወሰ እንተተፈፂሙ ጉንፂ ከጋድድ ይኽእል እዩ። ካልኣይ፣ በዝሒ ጉዳያትን ፈፀምቲ ገበንን እንትህልዉ ንኹሎም ፈፀምቲ ገበን ምኽሳስ ስለዘይከኣል ክሲ ኣብ ውሑዳት ፈፀምቲ ገበን ዘተኩር እዩ። ክሲ ፀቢብ ኣካይዳ ስለዝኾነ ቐንዲ መበገሲ ጥሕሰታት ንምፅራይን ንምፍታሕን፣ ከምኡ እውን ስርዓታዊ ንዝኾኑ ጥሕሰታት ንምፍታሕ ኣየኽእልን፤ ውሑዳት ተበደልቲ ስለዘሳትፍ ድማ ከይዲ ሕይወት የተዓናቕፍ እዩ።

ነዞም ሓጓፋት ንምምላእን ዘላቒ ሰላም ንምንጋስን፣ ኣብ ዝተፋላለዩ ዓድታት ዝተፋላለዩ ኣካይዳታትን ስልትታትን ኣብ ተግባር ውዒሎም እዮም። እዞም ኣግባባት እዚኦም ተሓታትነት ንምስፋን፣ ሓቒ ንምፅራይ፣ በሰላ ተበደልትን ካብ ሓደጋ ዘምለጡን ንምሕዋይ፣ ዕርቅን ምትካል እግርን ንምርግጋፅን ትካላት ንምህናፅን ብሰፊሑ ኣብ ጥቕሚ ውዒሎም እዮም። እዞም ስልትታት እዚኦም ነንባፅሎም ዝተኻኸሉ እንተይኮኑ ዝደጋገፉ እዮም።

ኣፈፃፅማ ኣግባባት ስርዓት ፍትሒ ስግግር ምስ ናይታ ኣብ ስግግር ዘላ ዓዲ ፍሉይ ኩነታት ክመዓራረ ኣለዎ። ሕድሕድ ስልቲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ናይ ባዕሉ ጥንካረን ድኽመትን ኣለዎ። ሓደ ወይ ካልእ ስልትታት ሰርዓት ፍትሒ ስግግር ናይ ዘተግበሩ ዓድታት ተመኵሮ ዘርእዮ ናይ ዝተመረፁ ኣግባባት ጥንካረ ዝበለፀ ኣማፅቢሎም ከምዝተጠቐሙ እዩ። ሕሉፋት ሰፋሕቲ ተመኩሮታት ምህላዎም ድማ ተመኩሮ መሰረት ዝገበረ ኾለመዳያዊ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ንምቕራፅን ንምትግባርን ዘምችው እዩ።

### ፩.፪ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ኣብ ኢትዮጵያ

ኢትዮጵያ ኣብ ዘበናዊ ታሪኻ ተመኩሮ ማሕበረ-ፖለቲካዊ ስግግር እኳ እንተሃለዋ፣ ሕሉፍ ኣሪማ ዝሓሸ ፅባሕ ንምትላም ዘኽእል ዝተማልአ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ቀሪፃ ይኹን ኣተግቢራ ኣይትፈልጥን። ክሳብ'ዚ ዘሎናዮ ዓውዲ ስግግር ኣፈፃፅማን ሳዕቤንን ሕሉፍ ጉንፂ ብዘይሽራዊ፣ ንፁርን ዘተኣማምንን ገምጊሙ ዘቕርብ ዝተማልአ ኣካይዳ የለን።

ደርጊ ንንጉሳዊ ስርዓት ዓሊዉ ናብ ስልጣን ምስደየበ ዘይፍትሓውነትን ብልሽውናን ፈፂሞም እዮም፤ ኣብ ወሎ ንዘጋጠመ መሰክሒ ዓፀቦ እውን ተሓተትቲ እዮም ተባሂሎም ንዝተጠርጠሩ ፍሉጣት ሰባት፣ ከበርቴ መሬት፣ ሚኒስትራትን ካልኦት ሰበ-ስልጣንን ኣሲሩ። መንግስቲ ደርጊ ነቶም ጥርጣረታት ዘፃሪ ኮሚሽን ኣጣይሹ ነይሩ። ኮይኑ ግን፣ እቲ ኮሚሽን ምርመርኡ እንተይዛዘመ ደርጊ ስሳ ሰበ-ስልጣን ብዘይስነ-ስርዓት ሕግን ቤትፍርድን ቀቲሉዎም። ደርጊ

ንኢትዮጵያ ንልዕሊ ፲፯ ዓማውቲ ገዚኡዋ እዩ። ኣብ ዘበን ስልጣኑ ዝኾነ ዓይነት ስርዓት ፍትሒ ስግግር ኣየተግበረን። ስለ'ዙይ ብ፲፱፻፷፯ ዓ.ም ካብ ንጉሳዊ ምልኪ ናብ ወታደራዊ ስርዓት ዝተገበረ ስግግር ብዘይዝኾነ ልምምድ ስርዓት ፍትሒ ስግግር እዩ ተፈፂሙ።

ወያናይ ዴሞክራሲያዊ ግንባር ህዝብታት ኢትዮጵያ (ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ) ብ፲፱፻፹፫ ዓ.ም ስልጣን ምስሓዘ ንፅንተት ዘርኢ ሓዊሱ ገበናት ፈፂሞም ተባሂሎም ንዝተተርጠሩ ብዙሓት ሰበ-ስልጣን ደርጊ ኣብ ምኽሳስ ተፀሚዱ እዩ። ተፀዋዕነቱ ንቐዳማይ ሚኒስትር ዝኾነ ፍሉይ ቤትዕዮ ዓቃቢሕጊ ብቑፅሪ ኣዋጅ ፳፪/፲፱፻፹፬ ተጣይሹ ስልጣን ምርመራን ክስን ተዋሂቡዎ ነይሩ፤ ስርሑ ንኽፍፅም ድማ ፬፻ ሰብሞያ ኣዋፊሩ ነይሩ። ኣብ ስራሕ ኣብ ዝነበረሉ እዋን እቲ ፍሉይ ቤትዕዮ ብሰበ-ስልጣን ደርጊ ዝተፈፅሙ ገበናት መሪፁ መርሚሩ፣ ኣብ ኣብያተ ፍርዲ ውሽጢ ዓዲ ብሕጊ ውሽጢ ዓዲ ከሲሱ እዩ። ንነበር ፕረዚደንት ኮሎኔል መንግስቱ ሓይለማርያም ሓዊሱ ሲቪላውያንን ወታደራውያንን ሰበ-ስልጣን ደርጊ ኣብ ፲፯ ዓመት ዘበን ስርዓት ደርጊ ኣብ ልዕሊ ዘይዕጡቓት ሰባት ንዝፈፀምዎም ገበናት ተፈሪዶምን ተቐፂዕምን።

መንግስቲ ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ንኽብሪ ተበደልቲ ስርዓት ደርጊ እውን ኣብያተ መዘክርን ሓወልትታትን ኣብ ዝተፋላለዩ ከባቢታት እታ ሃገር ኣቑሙ እዩ። እዚ (ብቐንዱ ኣብ ክሲ ኣትኩሩ ዝተፈፀመ) ስርዓት ፍትሒ ስግግር እዙይ ኣዋቢኺካ እንትምርመር ሰለስተ ኢንታታት (በሰራት) ነይሮምዎ።

ቀዳማይ፣ እቲ ከይዲ ካልኦት ጠቐምቲ ባእታታት ስርዓት ፍትሒ ስግግር ስለዘይሓወሰ ሃገራዊ ዕርቂ ኣየረጋገፀን። ከም ምውፃእ ሓቂ፣ ዕርቅን ምትካል እግርን ዝበሉ ደገፍቲ ስልትታት ዘለዎም ጠቓምነት ሸለል ብምባል በዝሒ ጉዳያት ገበን ናብ ኣብያተ ፍርዲ ኣቕሪቡ።

ካልኣይ፣ እቲ ከይዲ መሪፅካ ምኽሳስ ዘትኩረ እዩ ነይሩ፤ ብዘይዕጡቓትን ብኻልኦት ዕጡቓት ጉጅለታትን ዝተፈፀሙ ገበናት ከይሓወሰ ንሰበ-ስልጣን ደርጊ መሪፅካ ኣብ ምኽሳስ ስለዘትኩረ ናይ ሰዓራይ ፍትሒ እዩ ኾይኑ። እቲ ከይዲ ክትዕ እውን መሰላት ፍትሓዊ ከይዲ ኽትዕ ኣየኽበረን ተባሂሉ ዝውቀስ እዩ።

ሳልሳይ፣ እቲ ከይዲ ተሳተፎ ግዳያት ዝገደብ እዩ ነይሩ፤ ስለዝኾነ እውን ሕውየት ግዳያት ከረጋግፅ ኣይከኣለን፤ ተሳትፎ ግዳያት ምስክርነት ኣብ ምሃብ ጥራሕ ዝተወሰነ እዩ ነይሩ። ጥምረት ጉዳያት ገበንን ፍታብሄርን እውን ኣይነበረን።

ኣብ ፳፻፲ ዓ.ም ዝመፅአ ፖለቲካዊ ለውጢ ስዒቡ መንግስቲ ዝሓለፉ ዘይፍትሓውነታት፣ ቂርታታትን ከበድቲ ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላትን ንምፍታሕ ስጉምትታት ምዕረያ ወሲዱ እዩ። እቶም ስጉምትታት ንምጥንኻር ስርዓት ዲሞክራሲ ምችው ሃዋህው ንምፍጣር ዝዓለሙ እዮም። እዚኦም ብዕሊ ይቕረታ ምሕታት፣ ምጥያሽ ኮሚሽን ዕርቂ፣ ምጥያሽ ኮሚሽን ወሰናት ምሕደራን ሕቶ መንነትን፣ ምሕጋግ ገስገስቲ ሕግታትን ንስርዓት ፍትሒ ስግግር ዝድግፉ ትካላዊ ምዕረያታት የጠቓልሉ።

ኮይኑ ግን፣ ዕላማታት ስርዓት ፍትሒ ስግግር ብምልኣት ኣይተፈፀሙን፤ እቶም ቀንዲ በሰራት ብምልኣታዊ መነፀራት ዘይምምዕርራይን ምውዳድን ከምኡ እውን ናይቶም ዝተፈፀሙ ሕድሕድ ተግባራት ዘይውፅኢታውነትን የጠቓልሉ። ብፍላይ፣ እዞም ዝስዕቡ ፈተናታት ተስተውዒሎም እዮም።

### ክሲ ገበናት ብዝምልከት

ዋላኳ ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ብብልሽውናን ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላትን ተኸሲሶም ብቤት ፍርዲ ውሳነ ዝረኸቡ ወይ ድማ ጉዳዮም እናተርኣየ እንተኾነ ኣብቲ ስርዓት ስግግር ፍትሒ እዞም ዝስዕቡ ጉድለታት ኣለውዎ፡

- እቶም ክስታት ሽፋኖም ውሱን እዩ ነይሩ፤ ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ብዝመርሖ መንግስቲ ዝተፈፀሙ ኩሎም ከበድቲ ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት ኣየጠቓለለን
- እቶም ናብ ቤትፍርዲ ዝቐረቡ ዋኒናት ዝተመርፁ እዮም ነይሮም
- ነቲ ስራሕ ዘድልዩ ስርዓታት ቤትፍርዲ ኣይተዳለዉን ነይሮም፤ እቶም ኣብያተ ፍርዲ ካብ'ቲ ንዘበናት ዝፀንሐ ስእነት ናፅነትን ትካላዊ ዘይሽራውነትን ኣይተላቐቑን ነይሮም
- እቲ ከይዲ ውሳነ ዝተጓተተ እዩ ነይሩ፤ ገና ውሳነ ዝፅበዩ ብዙሓት ዋኒናት ኣለዉ
- እቲ ኣቀራርባ ክሲ ንተበደልቲ ፍትሒ ብዝህብ ኣይተፈፀመን፤ መሰል ፍትሒ ብዝኽልክል ኣግባብ ስለዝተፈፀመ ዕርቅን ምሕረትን ዘረጋግፅ ኣይነበረን
- እቲ ቀንዲ ፈተና ምስ ዘፈር ፍትሒ ዝተተሓሓዘ እዩ፡ እቲ ከይዲ ኣብ'ቲ በቶም በደላት ተሓታቲ ዝኾነ ስርዓት ብዝነበሩ ፖላይስ፣ ዓቀብቲሕግን ዳያኑን ተኣማሚኑ ዝተፈፀመ እሞ ድማ እዞም ሰባት ብኽይዲ ፅሬትን ምስጓጉን ክሓልፉ እንተይተገበረ ዝቐፀለ እዩ።

### ምሕረት ብዝምልከት

ኣብ ኣወሃህባ ምሕረት ዝነበሩ ክፍተታት ንምምላእ ቁፅሪ ኣዋጅ ፲፱፹፱/፺፻፲ (ኣወሃህባን ኣፈፃፅማን ምሕረት ንምድንጋግ ዝወፅአ) ተደንጊጉ ነይሩ። ቀፂሉ ድማ ሰላምን ምርግጋፅን ንምምፃእ፣ ሃገራዊ ስኒት ንምፍጣር፣ ዕርቂ ንምንጋስን መይዳ ፖለቲካዊ ተሳትፎ ንምስፋሕን ዓሊሙ ንኣወሃህባ ምሕረት ብምልኣት ዝመርሕ ቁፅሪ ኣዋጅ ፲፱፺፯/፳፻፲ ተደንጊጉ ነይሩ። ናይ'ዚ መስርሕ ተጠቀምቲ ክኾኑ ተሓሲቦም ዝነበሩ ኣብቲ ዝነበረ ዘይምርግጋፅ ገበን ዝፈፀሙን ፖለቲካዊ ገበናት ዝፈፀሙን ሰባት እዮም ነይሮም። እንተኾነ፣ እቲ ኣካይዳ ምሕረት እዞም ዝስዕቡ ቐንዲ ኢንታታት ነይሮምዎ።

- ብሰፊሑ ተቐባልነት ዘለዎም ኣካይዳታት እንዳሃለው እቲ ኣዋጅ ኣብ ውሽጢ ሽድሽተ ወርሒ መመልከቲ ምቕራብ ጥራሕ ዝሓትት ጥቕሉል ምሕረት እዩ ሂቡ
- እቲ ኣዋጅ ምሕረት ድምፂ ተበደልቲ ዝስማዓሉን ተበደልቲ ክካሓሱን ይቕረታ ክሕተቱን ከም ዕማም ኣይሓዞን ነይሩ
- እቲ ኸይዲ ነስሓ/ጣዕሳ ከምዕላማ ኣይሓዘን ነይሩ፤ ብዙሓት ብምሕረት ወፂኦም ዝነበሩ ተመሳሰልቲ ከበድቲ ገበናት ፈፂሞም ተኣሲሮም እዮም
- ህዝቢ ኣብ መንግስታዊ ዓቕሚ ምፍፃም ሕጊ ዘለዎ እምነት ኣብ ሕቶ ኣትዩ እዩ፤ ተጠቀምቲ ምሕረት ካብ ኣብያተ ዕዮ ፌደራልን ክልልን ወረቐት ምስክር ክወሃቦም ትፅቢት ነይሩ፤ እንተኾነ፣ ንተኣማንነት እቲ ኣካይዳ ብኣሉታ ብዝፀሉ ኣካይዳ ወረቐት ምስክር ዘየብሎም ሰባት ናብ ሕብረተሰብ ተሓዊሶም እዮም

## ትካላዊ መስርሕ ብዝምልከት

ኮሚሽን ዕርቂ ብቑፅሪ ኣዋጅ ፲፩፱፪/፳፻፲ ተጣይሹ ከበድቲ ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት፣ ዘይፍትሓውነታት፣ ቂርታታትን ውድቀታትን ከፃሪ፣ ክመምን ኣፍልጦ ክህብን ስልጣን ተዋሂቡዎ ነይሩ። ዕላምኡ ዕርቅን ፍትሕን መሰረት ዝገበረ ዘላቒ ሰላምን ዲሞክራስን ምህናፅ እዩ ነይሩ። ኮይኑግን፣ ሰለሰተ ዓመት ዘበን ስራሕ እቲ ኮሚሽን ብለካቲት ፳፻፲፩ ዓ.ም ተወዲኡ፤ እቲ ኮሚሽን ብዙሓት ስራሕቲ ምድላው ዝወገነ ኾይኑ ካብቶም ዝተዋሀቡዎ ዕማማት ግን ሓደ እውን ኣየስለጠን። ቐንዲ ምኽንያታት ውድቀት እቲ ኮሚሽን እዞም ዝስዕቡ የጠቓልሉ።

- ምጥያሽ እቲ ኮሚሽን ተሳትፎን ምኽክርን ህዝቢ ኣቓዲምካ ዝተፈፀመ ኣይነበረን፤ ህዝብን ምሁራትን ኣብቲ ረቂቕ ሕጊ ኣይተዛተዩን
- ኣብ ምልመላ፣ መረፃን ሽመትን ኮሚሽነራት ህዝቢ ስለዘይተሳተፈ እቲ ኮሚሽን ቅቡልነት ስኢኑ እዩ

- ስልጣናትን ተግባራትን እቲ ኮሚሽን ዘይንፁራት ገሊኣቶም ድማ ንምፍፃም ዘይከኣሉን እዮም ነይሮም፤ ብፍላይ ካብቶም ተግባራቱ ሓደሓደ ምስካልኦት ስልትታት ስርዓት ፍትሒ ስግግር ዝላተሙ፣ ብንፁር ዘይተቐመጡ እዮም ነይሮም
- እቲ ኮሚሽን ልዕሊ ክፍፅሞ ዝኽእል ዓበይቲ ስልጣናት እዮም ተዋሂቦምዎ ነይሮም
- እቲ ኮሚሽን ሃገራዊ መድረኽ ምይይጥ ክመርሕ ስልጣን ተዋሂቡዎ ነይሩ፤ ከምመትከል ኣካላት ዕርቂ ሃገራዊ መድረኽ ምይይጥን ምፍታሕ ጉንፅን ከምቀንዲ ስራሕ ክሕዙ ኣይግባእን
- ሓደሓደ ኮሚሽነራት ነጠፍቲ ፖለቲካ፣ ከምዘይሸራውያን፣ ገበነኛታት ወይ ተበደልቲ ዝረአዩ እዮም ነይሮም
- እቶም ኮሚሽነራት ምሉእ መዓልቲ ዝሰርሑ ኣይነበሩን፤ ቁፅሮም ድማ ፵፩ ዝነበረ ኮይኑ ካብቲ ማእኸላይ በዝሒ ኣባላት ኮሚስዮናት ምዕራይ ሓቂ (ካብ ፳፭ ዘይበዝሕ) ብጣዕሚ ዝዛይድ እዩ ነይሩ

ብምጥቕላል፣ ዝተወሰኑ ባእታታት ስርዓት ፍትሒ ስግግር ንምትግባር ብዙሕ ፃዕሪ እኳ እንተተገበረ ውሱናት ውፅኢታት እዮም ኣምፂኦም። እቶም ካብ ፃዕርታት፣ እቶም ካብ ፳፻፲ ዓ.ም ጀሚሮም ዝተፈፀሙ መጠነ-ስፉሕቲ ምዕረያታት እውን ሓዊሱ፣ ምሉኣት፣ እኹላት፣ ውፅኢታውያንን ኵለመዳያውን ኣይነበሩን። እዙይ ካብ ሕሉፍ ጭቆና ንምፍልላይ ዘኽእሉ ስልትታት ስርዓት ፍትሒ ስግግር ኣብ ጥቕሚ ንምውዓል ዕንቅፋት ኮይኑ ቀፂሉ እዩ። እታ ዓዲ ቐንዲ ምኽንያታት ሕሉፍ ጥሕሰትን ዘይፍትሓውነትን ክትፈትሕ ስለዘይከኣለት ጉንፂ፣ ኵናት ሕድሕድን ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላትን ቀፂሉ ኣሎ።

## ፩.፫ ኣገዳስነት ስርዓት ፍትሒ ስግግር ኣብ ኢትዮጵያ

ኢትዮጵያ ሕሉፋት ፀገማታ ፈቲሓ ንቐፃሊ ዓንድታት ፍትሒ፣ ማዕርነት፣ ሰብኣዊ መሰላትን ሓቛፋይነትን ክትሃንፅ ይግባእ። ፃዕርታት ስርዓት ፍትሒ ስግግር ዛጊድ ዕላምኦም ኣየስመሩን። ስለዝኾነ፣ ኵለመዳያዊ፣ ሰብኣዊ መሰላት መሰረት ዝገበረ፣ ተበደልቲ-ተኮር ዝኾነ፣ ተመኵሮ ካልኦት ዓድታት ዝቐመረን ማሕበረ-ፖለቲካዊ ኩነታት ኢትዮጵያ ዘገናዘበን ስርዓት ፍትሒ ስግግር ምቕራፅ ግድን እዩ። እዞም ዝስዕቡ ክፋላት እዚ ሰነድ ኣብ ኢትዮጵያ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ኣድላዪ ዝኾነሉም ቀንዲ ምኽንያታት ዕማቖ ሓሳብ ከቕርቡ እዮም።

**ሀ) እቲ ዘሎ ሃገራዊ ኩነታት ኾለመዳያዊ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ዝጠልብ እዩ**

ኣብ ሕሉፍ፣ ሰፋሕቲ ስርዓታዊ ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት ምፍፃሞም ዝሕብሩ ፀብፃባት ተሓቲሞም እዮም። ድሕሪ ፳፻፲ ዓ.ም ተረርቲ ተግባራት ምዕረያ እኳ እንተተፈፀሙ ጨፍጫፍ፣ ግዱድ ፍልሰትን ዕንወት ንብረትን ማሕለኻ ፖለቲካዊ ርግኣት ኮይኖም ቀፂሎም እዮም። ዘይፍትሓውነት፣ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት፣ ዘይቅኑዕ ትርጉም ሕሉፍ ታሪኽ፣ ንዘጋጠሙ ፀገማት እኹል መፍትሒ ዘይምውሃብ ከምኡ እውን ኾለመዳያውን ትርጉም ዘለዎን ከይዲ ዕርቂ ዘይምህላዉ ካብቶም ምኽንያታት ዕንክሊል ኢትዮጵያ ዝጥቀሱ እዮም።

ኣብ ኢትዮጵያ፣ ፈፀምቲ ገበንን ተበደልትን ምብዝሖም፣ ዝደጋገም ዘይፍትሓውነት፣ ጐናዊ ተፈጥሮ ጐንፅታትን ከምኡ እውን ውሑድ ዓቕምን ቅቡልነትን መንግስቲ በቶም ዘለዉ መሓዉራት ፍትሒ ተጠቒምካ ፍትሕን ምሕረትን ምሃብ ትርጉም ዘለዎ ዕርቂ ዘይከኣል ገይሩዎ እዩ። ብመንፅር እዚ፣ ናይ'ዛ ዓዲ ዝተሓላለኹ ፀገማት ንምፍታሕ ጭቡጥ ሃገራዊ ኩነታት መሰረት ዝገበረ ኾለመዳያውን ዝተዋደደን፣ ንቕድሚት ዝጥምትን ሕሉፋት ፀገማት ዝፈትሕን ስርዓት ፍትሒ ስግግር ኣድላዪ እዩ።

**ለ) ውፅኢታዊ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ኣብ ህንፀትን ምርግጋእን ዓዲ/ሀገረ- መንግስቲ እወንታዊ ግደ ኣለዎ**

ንኢትዮጵያ ካብ ዓንኬል ተደጋገምቲ ጐንፅታትን ጥሕሰታትን ንምውፃእ መትከላት ሓቂ፣ ፍትሒ፣ ሰላምን ዕርቅን መሰረት ዝገበረ ዳግም ህንፀት ማሕበራዊ ውህደት ወሳኒ እዩ። ሓቀኛ ከይዲ ዕርቂ ዝተፈፀመሉ ግዜ ይኹን ኣጋጣሚ ኣብ ታሪኽ ኢትዮጵያ የለን። ተኸታተልቲ መንግስታትን ስርዓታትን ፍሉይ ትኹረት ዘድልዮም ጐንፅታት ምህላዎም ኣናኣኢሶም ወይ ክሒዶም ሓሊፎም እዮም። ብንፁር ንምግላፅ፣ ኾለመዳያዊ ዕርቂ ንምብጋስ ፖለቲካዊ ሸውሃት ኣይነበረን፡፡ እዚ እንትበሃል ድማ ሰፋሕቲ ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላትን ቂርታታትን ንምምላስ ዘኽእል ቅኑዓት ስልትታት ኣይነበሩን።

ኣብ ዝኾነ ይኹን ህንፀት ሃገር ብዛዕባ ሕሉፋት ዘይፍትሓውነታት ምልኣታዊ ምይይጥ ምክያድ ዘቐንዙ ግን ድማ ኣድላዪ እዩ። ከምዚ ይ ዝኣመሰለ መፍትሒ እንተዘይተቐሪፁ ንሕሉፍ ግዜ ዝወሃቦ ዝተፋላለየ ትርጉም ፅልእን ሕብረተሰባዊ ምግምማፅን ይፈጥር። ስለዝኾነ፣ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ዝተረሓሓቁ ሕብረተሰባት ንምቅርራብ፣ ርክባት ንምምላስ፣ ምትእምማን ንምህናፅ፣ ሕቶታት ፍትሒ ንምምላእን ኩለመዳያዊ ዕርቂ ንምምፃእን ኣብ ተግባር ክውዕል ኣለዎ። እዚ ይ

ድማ ተበደልቲ ዝረኸብዎ ስቅያት ኣፍልጠ ንምሃብ፣ ሰብኣዊ ክብሪ ንምምላስን ሓድነትን ህንፀትን ሃገር ንምስላጥን ኣድላዪ እዩ።

**ሐ) ህንፅት ስርዓት ዴሞክራስን ዘላቒ ሰላምን ብዘይውፅኢታዊ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ኣይካኣሉን**

ድሕሪ ፳፻፲ ዓ.ም ናይ ዘሎ ምምሕዳር ቐንዲ ተፀምዶ ህንፅት ስርዓት ዴሞክራስን ልፅልነት ሕግን እዩ። ኮይኑግን፣ ዕርቂ፣ ሰላምን ፍትሕን ማእኸል ዝገበረ ስግግር ስርዓት ዴሞክራሲ ዝሓለፉ ዘይፍትሓውነታትን ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላትን እንተይፈታሕኻን ሓቂ ኣፃሪኻ ረኺብካ ኣፍልጠ እንተይሃብካን ክኸውን ኣይኽእልን። ቐንዲ ተግባራት ስርዓት ፍትሒ ስግግር ሕሉፋት ቁርታታትን ስእነት ፍትሕን ምፍታሕ፡ ውፅኢታዊ ስግግር ስርዓት ዴሞካራስን ተደጋገምቲ ዘይፍትሓውነታትን ጥሕሰታትን ዝፍትሑሉ ዘላቒ ሰላም ምስፋንን እዮም።

ኣብ ኢትዮጵያ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ምፍፃም ምልኪ ዘፍርስ፣ ንህንፀት ስርዓት ዴሞካራሲ ኣስተዋፃኦ ዝገብርን ማዕርነት፣ ፍትሒ፣ ዕርቅን ምኽባር ሰብኣዊ መሰላትን ናፅነታትን መሰረት ናብ ዝገበረ ዝተረጋግአን ምዕቡልን ማሕበረሰብ ንዝግበር ስግግር ዘሳልጥን እዩ።

**መ) ስርዓት ፍትሒ ስግግር ንምኽባር ሰብኣዊ መሰላትን ልዕልነት ሕግን መሰረት የንፅፍ**

ኣብ ሃገርና ሰፊሕ ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት እኳ እንተተፈፀመ፤ንኹሎም ገበነኛታት ብዘይ ወገናውነት ብገበኖም ተሓተትቲ ዝገብር ስርዓት ዘይምህላዉ እቲ ጥሕሰት ካብ ዝድገመሉ ምኽንያት ሓደ እዩ። እዚ ጥሕሰት ዝበዝሐ ኣብ ልዕሊ ፖለቲካዊ ተሳትፎ ዘይነበሮምን ብዛዕባኡ ሓሳብ ዘይነበሮምን ኢትዮጵያውያን ዝተፈፀመ እዩ። እቶም ተግባራት ናይ ምቁፅፃር ወይ ድማ ምክልኻል ሓላፍነት ዘለዎም ሰበስልጣን መንግስትን ኤሊታት ማሕበረሰብን ነቲ ኩነታት ኣብ ምግዳድ ልዑል ኣበርክቶ ክገብሩ ተራእዮም እዮም።

እዞም ጥሕሰታት ተደጋጊሞም ስለዝፍፀሙን ምስተፈፀሙ ድማ ዝግበር ምርመራ ይኹን ክሲ ጉድኣት ዝበፅሖም ማእከል ዝገበረን ማሕበረሰብ ዝኣመነሉን ስለዘይኮነ፤ህዝቢ ኣብ ስርዓት ፍትሒ ዘለዎ እምነት ትሑት እዩ፡፡ ስለዝኾነ ኩለመዳያዊ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ምሕረትን ተሓታትነትን ብምርግጋፅ፣ ሓቂ ብምውፃእ፣ ዕርቂ ብምስባኸን መትከሊ እግሪ ብምቕራብን፣ ንፁር ስልቲ ተሓታትነት ብምቕማጥን ንጥሕሰታት እኹል ትኹረት ብምሃብን ዘላቒ ስርዓት ሓለዋ ሰብኣዊ መሰላትን ልዕልና ሕግን ንምርግጋፅ ወሳናይ ግደ ኣለዎ።

## ካልኣይ ክፋል ፡ ስትራተጂታት/ስልትታት/ ንመማረፅታት ፖሊሲን ስርዓት ፍትሒ ስግግር

### ፪.፩ መእተዊ

ስርዓት ፍትሒ ስግግር ክሲ፣ ዕርቂ፣ ኣብ ቅድመ-ኩነት ዝምስረት ምሕረት፣ ምውፃእ ሓቂ፣ መትከሊ እግረን ትካላዊ ምዕረያን ዘጠቓልል ዂለመዳያዊ ከይዲ እዩ። ውፅኢታውነቱ ዝረጋገፅ እዞም መማረፅታት እዚኦም ኣብ ፍሉይ ኩነታት እታ ዓዲ ተመስሪቶም እንትፍፀሙ እዩ። ኣብ ዝኾነ ዓውዲ ታሪኽ፣ ማሕበረ-ቑጠባውን ፖለቲካውን ነባራዊ ሓቅታት ናይ'ታ ዓድን እቲ ክተረጋግፆ ዝሓሰብካዮ ስግግርን ኣየኖት ኣግባባት ስርዓት ፍትሒ ስግግር ከምእትመርፅ ይውስኑ።

ኣብ ዝሓለፉ ክፋላት፣ ኢትዮጵያ ከምመጠን ስግግር እትብህግ ዓዲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ምትግባር ንምንታይ ከምዘድልያ ተገሊፁ እዩ። ኮይኑግን፣ ውፅኢታውነት እቲ ከይዲ ንምርግጋፅ ኣብ ኢትዮጵያ ክትግበሩ ብዛዕባ ዘለዎም መስርሓትን ኣግባባትን ስርዓት ፍትሒ ስግግር ጥቡቕ ምርምርን ውሳነን የድሊ። ውፅኢታውነት እቲ ከይዲ ንምርግጋፅ "ኣየኖት ስልትታት ነይኖት ዋኒናት ብዝበለፀ ይምችዉ?"፣ ከመይ ዝበሉ ስርዓታት ትካላዊ ኣቃውማታት ንሕድሕድ ስልቲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ብዝበለፀ ይምችዉ? ዝብሉ ሕቶታት ምምላስ የድሊ።

እዞም ዝስዕቡ ክፋላት ንኩነታት ኢትዮጵያ ይሰማዕምዑ ዝተባህሉ ኣንፈታትን መስርሓትን ዝምርምሩ፤ ከምኡ ድማ ህዝብን ሓንፀፅቲ ፖሊሲን ካብ ሞንጎ እቶም መማረፅታት ፖሊሲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ዘቕርቡ እዮም።

### ፪.፪ ክሲ

#### ፪.፪.፩ ሓፈሻዊ

ኣብ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ካብ ዝፍፀሙ ስልትታት ሓደ ገበርቲ ክፉእ ዝቕፅዑሉ ስነ-ስርዓት ክሲ ምቕራዕን ምንፃርን እዩ። ዓለምለኻዊ ሕጊ ሰብኣዊ መሰላት ዓድታት ከምኣካል ምትካል ሃገራዊ ስርዓት ሓለዋ ሰብኣዊ መሰል ፈፀምቲ ገበን ዝኽሰሱሉ ስርዓት ክህልወን የገድድ። ብፍላይ ከዓ ግኑናት ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት እንትፍፀሙ ክሲ ግድን እዩ (ንኣብነት ውዕላት ጀኔቫ፣ ዓለምለኻዊ ስምምዕ ምክልኻል ምፅናት ዘርኢ ከምኡ እውን ዓለምለኻዊ ስምምዕ ኣንፃር መግረፍቲ/ምስቓይ)። ፖሊሲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ሕብረት ኣፍሪካ እውን እንተኾነ ተፈልዮም ዝተነፀሩ ገበናት ክኽሰሱ ከምዘለዎም የገድድ እዩ።

ስለዝኾነ ኢትዮጵያ ከም ሃገር ዘለዋ ዓለምለኸ ግዴታን ሰብኣዊ መሰላት ንምኽባር ዝኣተወቶ ቃልኪዳን ንምፍፃም ዘለዋ ቆራፅነትን ዘመልክት ስለዝኾነ፤ መሰል ፍትሒ'ውን ስለዘረጋግፅ፤ ኣብ ልዕሊ ገበነኛታት ውልቃዊ ሓላፍነት ስለዘስዕብ፤ ተመሳሳሊ ፍጻመታት ዳግማይ ከይፍጸም ስለዝሕግዝ፡ ልዕልና ሕግን ተሓታትነትን ስለዘረጋግፅን ብተደጋጋሚ ካብ ዘጋጥም ወቀሳ ስለዝሕሉ፤ ከምኡ ውን ሓቂ ብምዝራብ ንዕርቂ፡ ሰላምን ዲሞክራስን ስለዝሕግዝ እዚ ስልቲ ኣብ ኢትዮጵያ ካብ ዝትግበሩ ስልትታት ስግግር ፍትሒ ሓደ ክኸውን ይግባእ።

**፪.፪.፪ ብኸሲ ዝረኣዩ ዋኒናት ገበን ?**

ኣብ ውሽጢ መነፀርታ ስልትታት ስርዓት ፍትሒ ስግግር ከበድቲ ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት ብኸሲ ዝረኣዩ እዮም። ኮይኑግን፣ ኣብ ከይዲ ክሲ ዝጠቓለሉ ገበናት ዝንፀሩሉ ወሰን ክህልዎ ኣለዎ። በዚ መንፅር እዚ እዞም ዝስዕቡ ከም መማረፂ ቀሪቦም ክምርመሩ ዝግብኦም እዮም።

***ቀዳማይ መማረፂ ፥ ከበድቲ ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላትን ከበድቲ ገበናትን ዝኸሰሱሉ ስርዓት ክሲ***

ኣብ ዓውዲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ፍትሒ ንምውሃብ ክሲ ብሕታዊ ስልቲ ኣይኮነን። ብኻልእ ኣባሃህላ፣ ኩሎም ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት ብኸሲ ዝፍትሑ ኣይኮኑን። ስለዚ ክሲ ብሕጊ ዓለምለኸን ውሽጢ ዓድን ከበድቲ ኣብ ዝበሃሉ ገበናት ከትኩር ይግብኦ። እዞም ገበናት ብፍላይ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት፣ ምፅናት ዘርኢ፣ ገበናት ኲናት፣ ብዘይፍርዲ መቕተልቲ፣ ምስቓይን ካልኦት ኣብ ልዕሊ ሰብን ንብረትን ዝተፈፀሙ ከበድቲ ገበናትን ዘጠቓልሉ እዮም።

**ጥንካረታት**

- ኣብዚ መማረፂ እዚይ ክሲ ኣብ ብጣዕሚ ከበድቲ ገበናት ስለዘትኩር ንኻልኦት ባእታታት ስርዓት ፍትሒ ስግግር ዕድል ይህብ
- ፍሉያት ዓይነታት ገበናት መምዩ ስለዝኸይድ ከይዲ ፍርዲ ዝተቓላጠፈ ይገብር
- ኣብ ከበድቲ ጥሕሰታት ሕግታት ዓለምለኸን ውሽጢ ዓድን ስለዘተኩር ኣብ ምምራፅ ዋኒናት ክጋጥሙ ዝኽእሉ ፅንቅፋታት የቃልል
- እቲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ዓለምለኸ ተቐባልነት ክህልዎ የኽእል፤ ውልቃዊ ተሓታትነት ንምርግጋፅ ዘኽእሉ መርትዖታት ክእከቡ የኽእል

**ስግኣታት**

- መብዛሕትኦም ገበናት ዝተሓላለኹን ዓለምለኻዊ ገፅታ ዘለዎምን ስለዝኾኑ ኣብ ከይዲ ምፅራይን ኣግባብነት ዘለዎም መርትዖታት ኣብ ምእካብን ፅንቅፋታት የጋጥሙ እዮም

- እዚ መማረፂ እዙይ ኣብ ፍሉያት ገበናት ዘትኩር፣ ግዳያት ንዝበፅሖም ኩሉ ዓይነት በደል ኣፍልጦ ዘይህብ እዩ። ስለዝኾነ፣ በዝሒ ክስታት ውሱን ስለዝኾነ ንኹሎም ግዳያት ዘይከዕግብ ይኽእል እዩ ፡፡
- ኣብ ሃገርና ነዞም ከበድቲ ገበናት ዝትርጉም ምሉእ ሕጋዊ ቅርፂ ዘይምህላው ዕንቅፋት ክፈጥር ይኽእል፡፡

*ካልኣይ መማረፂ፥ ኩሎም ዓይነታት ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት ዝኸሰሱሉ ከይዲ*

ንኹሎም ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላትን ዓለምለኸ ገበናትን መርትያ ምርካብ ከቢድ ስራሕ እዩ። ብዝበለፀ ድማ፣ ንተኸሳሲ ገበነኛ ንክበሃል ዘድሊ ሚዛን መርትያ ጥንኩር እዩ። በዙይን ብኻልኦት ምኽንያታትን፣ ኣብ ከበድቲ ገበናት ጥራሕ ዘትኩር ከይዲ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ግዳያት ዘይዕግበት ክፈጥር ይኽእል እዩ። ስለዝኾነ ድማ ክሲ ኣብቲ ኣብ ፩ይ መማረፂ ኣብ ዝተቐመጡ ገበናት ከይተሓፀረ ሕቶ ግዳያት ብዝምልስ ኣግባብ ኣብ ካልኦት ተመሳሰልቲ ጥሕሰታትን እውን ምርመራን ክስን ክካየድ ይግባእ ።

**ጥንካረታት**

- ብዙሓት ገበናትን ፈፀምቲ ገበንን ስለዝቐፅዕ ሰፊሕ ተሓታትነት ክህሉ የኽእል
- ንድሌታት ፍትሒ ግዳያት ኣስፈሐ መልሲ ይህብ
- ገበን ኣቐዲምካ ናይ ምክልኻል ስርዓት ብምዕባይ ገበናት ከቢድን ቀሊልን ኢልካ ዝግበር ስርርዕ የትርፍ

**ስግኣታት**

- ብዙሓት ዋኒናት ናብ ስርዓት ፍትሒ ገበን ስለዝኣትዉ እቲ ስርዓት ፍትሒ ገበን ክሽከሞ ካብ ዝኽእል ንላዕሊ ክኸውን ይኽእል
- ንከበድቲ ገበናት ፍሉይ ትኹረት ስለዘይህብ ንሓደሓደ ከበድቲ ገበናት ክኸውሎም ይኽእል
- ንኣብያተ ፍርዲ ስራሕ ብምብዛሕን ዘለዎም ውሱን ሃፍቲ ብምሕንኳኹን ዋኒናት ብዕምቆት ከይረኣዩ ክገብር ይኽእል
- ብምኽንያት በዝሒ ዋኒናት ከይዲ ፍርዲ ክዝንግዕ በዙይ ድማ ህዝቢ ኣብ ስርዓት ፍትሒ ዘለዎ እምነት ኸቕንስ ክገብር ይኽእል

### ፪.፪.፫ ኣብ ከይዲ ክሲ ዝጠቓለሉ ፈፀምቲ ገበን

ስርዓት ክሲ ኣብ መፃወድያ 'ፍትሒ በዓልግዜ' ክኣቱ የብሉን። ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት ንዝፈፀሙ ኩሎም ሰበ-ስልጣንን ሰራሕተኛታትን መንግስቲ፣ ኣባላት ዕጡቓት ጉጅለታትን ውልቀሰባትን ከጠቓልል ኣለዎ።

ከምንቡር፣ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ኩሎም ፈፀምቲ ገበን ብኸይዲ ክሲ ክረኣዩ ኣይገብርን። ኣብ ገበን ዝተሳተፉ ብዙሓት ሰባት እኳ ዝኸሰሱ እንተኾኑ ንምሕረትን ምውፃእ ሓቅን ሓዊሱ ካልኦት ደገፍቲ ኣግባባት ድማ ብኻልኦት ሰባት ዝተፈፀሙ ጥሕሰታት ንምፍታሕ ኣብ ተግባር ይውዕሉ እዮም። ኣብዙይ እቲ ቐንዲ ሕቶ ከይዲ ክሲ ዝለዓለ ሓሳብ ገበን ኣብ ዘለዎም ሰባት ዶ ከትኩር ይግባእ ወይ ድማ ንኹሎም ጥርጡራት ከጠቓልል ኣለዎ ዝብል እዩ።

***ቀዳማይይ መማረፂ፥ ከይዲ ክሲ ዝለዓለ ስልጣን ሒዞም ስኣን ምክልኻሎም ጥሕሰታት ክፍፀሙ ዝገበሩ እውን ሓዊሱ ከበድቲ ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት ዘስዓቡ ተግባራት ገበን ክፍፀሙ ትእዛዝ ኣብ ዝሃቡ፣ ዝተለሙን ዘተሓባበሩን ገበነኛታት ከትኩር ምግባር***

ኣብዚ ከይዲ ዝምመዩ ጥርጡራት ፈፀምቲ ገበን ኣብ ምውፃእ ሓቂ፣ ይቅርታን ምሕረትን ዝሳተፉ እኳ እንተኾኑ መቕፃዕቲ ንምቅላል ክኾኖም ይኽእል እምበር ካብ ገበን ናፃ ኣይገብሮምን። ብኻልእ ገፅ፣ ኣብ ገበን ቐጥታ ብዘይኮነ ኣግባብ ዝተሳተፉ ሰባት ኣብ ከበድቲ ገበናት ዘይምስታፎም እንተኣረጋጊፆምን ብዝገበሩዎ ተሳትፎ ነስሓኦም እንተኣርእዮምን ካብ ክሲ ክወፅኡ ኣለዎም። ኣብ ቀዳማይ ብርክን ካልኣይ ብርክን ፈፀምቲ ገበን ብዛዕባ ዝወድቁ ሰባት ንምፍላይ ዘኽእል መስርሕ ኣቖዲሙ ክቕመጥ ኣለዎ።

**ጥንካረታት**

- ስራሕ ምርመራን ክስን ንዝሰርሑ ሰራሕተኛታትን ትካላትን ስርሖም የቕልለሎም
- ቀጥታ ብዘይኮነ ኣግባብ ኣብ ዝተሳተፉ ሰባት ካልኦት ስልትታት ስርዓት ፍትሒ ስግግር ተግባራዊ ክኾኑ ዕድል ይህብ
- ፃዕቂ ስራሕ ኣብያተ ፍርዲ ብምንካይ ውሱን ሃፍቲ ዓዲ ከበድቲ ገበናት ኣብ ምኽሳስ ጥራሕ ከትኩር የኽእል
- ንኹሎም ቀንዲ ፈፀምቲ ገበን ብምኽሳስ ተሓታትነት መሰረት ዝገበረ ስግግር ክህሉ ይገብር

ስግኣታት

- ፈፀምቲ ገበን ብመንፅር ተሳትፎኦም ዝተፋላለየ ፅዒ ስለዝህልዎም እቲ ከይዲ ብወገን ግዳያትን ህዝብን ቁርታ ከልዕል ይኽእል እዩ
- ሓደሓደ ፈፀምቲ ገበን ብገበን ስለዘይሕተቱ ተሓታትነት ገበን ካልእ ግዜ ገበን ከይፍፅሙ ዝነበሮ ኣስተዋፅኦ ይደክም
- ዝኸሰሱ ሰባት ኣብ ዝምመዩሉ ብርኪ ንዳልዋን ንዘይግቡእ ምምሕዳራዊ ሽፈጥን በሪ ይኸፍት

*ካልኣይ መማረፂ፥ ንኹሎም ብዝኾነ ብርኪ ተሳትፎ ኣብ ከበድቲ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት ዝተሳተፉ ሰባት ምኽሳስ*

እዚ መማረፂ እዙይ ኣብ ዝኾነ ብርኪ ፍፃመን ብዝኾነ ብርኪ ተሳትፎን ንዝተሳተፉ ሰባት ኩሎም ምምርማርን ምሕታትን ይጠልብ። ኮይኑግን፣ ብባህሪኡ ንዝፈፀሙዎ ገበን ይቅርታ ንዝሓተቱ ወይ ዝተናስሑ ሰባት ይቅርታ ወይ ምሕረት ምሃብ፣ መማረፂ መቐፃዕትታት ምውሳንን መቐፃዕቲ ምቅላልን ንዘጠቓልል ስርዓት ፍትሒ ስግግር ዝሓልኽ እዩ።

ጥንካረታት

- ንኹሎም ፈፀምቲ ገበን ስለዝሓቱፍ ኣብ ግዳያትን ህዝብን ቁርታ ኣይፈጥርን
- ንድሌት ፍትሒ ግዳያት ዝሓሸ መልሲ ይህብ

ስግኣታት

- ንኻልኦት ጠቐምቲ ስልትታት ስርዓት ፍትሒ ስግግር ዝዋሃብ ትኹረት ይቕንስ
- እቲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ብበዝሒ ተኸሰስቲ ክዕብለቕ ክገብር ይኽእል እዩ
- ንኹሎም ፈፀምቲ ገበናት ናብ ፍትሒ ምቕራብ ተግባራውን ስነ-ፍልጠታውን ዕንቅፋታት ኣለዉዎ፤ እንትፍተን እውን ብተብተብን ብዘይልኡማት ውሳነታትን ክሕለፍ ይኽእል እዩ

## ፪.፫ ትካላት፥ ከይዲ ምፅራይ፣ ክስን ፍርድን መን ይምራሓዮ?

### ፪.፫.፩ ሓፈሻዊ

ኣብ ውሽጢ መነፀርታ ሰርዓት ፍትሒ ስግግር ተሓታትነት ንምስፋን ኣብ ዝግበር ከይዲ ልዑል ኣገዳሽነት ዘለዎ ሕቶ ነቲ ከይዲ መን ይምራሓዮ ዝብል እዩ። እቶም ገበናት እንትፍፀሙ ኣብ ስራሕ ዝነበሩ መሓውራት ፖሊስን ድሕንነትን፣ ኣብያተ ዕዮ ዓቀብቲሕግን ኣብያተፍርድን ርኡይ

ወይ ተገይሩ ተባሂሉ ብዝእመን ከይዲ ምዕሪያ እንተይሓለፉ ናይቲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር መተግበርቲ ኮይኖም ክቕፅሉ ኣይኽእሉን።

**፪.፫.፪ ኣብያተፍርዲ**

ኣብያተፍረዲ ዝምልከት ዘሎ ዓለምለኸ ተሞክሮ ዝተፈላለየ እዩ፡፡ ኣብ ልዕሊ መሰል ደቂሰባት ዝፍፀሙ ዓለምለኸ ከበድቲ ገበናት ዝምልከት ዘለዉ ተሞክሮታት ፡ ሀ) ከከም ኩነታት እተን ሃገራት ዝቖማ ዓለምለኸ ቤትፍርዲ ገበን ወይድማ ዓለምለኸ ቤት ፍርዲ ገበን ተጠቒምካ ስርዓተ ፍርዲ ምምራሕ (ንኣብነት ከምቲ ኣብ ዩጎዝላቭያን ሩዋንዳን ዝተገብረ) ወይድማ ለ) ሀገራዊ ኣብተ ፍርድን ዓለምለኸ ስርዓት ኣባያተ ፍርዲ ብምሕዋስ ስርዓተ ፍርዲ ምምራሕ (ንኣብነት ከምቲ ኣብ ሴራሊዮንን ካምቦድያን ዝተገብረ)፦ ወይድማ ሐ) ሃገራዊ ስርዓተ ፍርዲ ተጠቒምካ ስርዓተ ፍርዲ ምምራሕ እዮም፡፡

ኢትዮጵያ ዓለምለኸ ቤትፍርዲ ገበን ናይ ዘጣየሸ ድንጋገ ሮማ ኣባል ኣይኮነትን።ካብ ኣባል ዘይኮና ሃገራት ዝመፁ ጉዳያት ብመሰረት ሕጋዊ ቅርፅን ኣሰራርሓን ቤት ፍርዲ ናብ ቤት ፍርዲ ክቐርቡ ዝኽእሉሉ ተኽእሎታት እኳ እንተሃለወ - ብመንፅር ኣብ ቀረባ እዋን ዝቐረቡ ተሞክሮታትን ፅላማታት መሰጋገሪ ፍትሕን ዝምከር ኣማራፂ ኣይኮነን። ካልኦት ኣማራፂታት ዓለምለኻዊ ቤት ፍርዲ (ንኣብነት ሕውስዋስ ቤት ፍርዲ) ብመንፅር እዋናዊ ተሞክሮታት ወይድማ ኣብ ፖለቲካዊ ሃዋህው ሃገርና ቅቡልነት የብሎምን። ስለዚ ብኣብያተ ፍርዲ ኣቢልካ መስርሕ መሰጋገሪ ፍትሒ ንምፍጻም ክልተ ኣማራፅታት ኣለዉ፤

**ቀደማይ መማረፂ፡ ኣብ ውሽጢ ማእኸላይን ላዕለዋይን ቤት ፍርዲ ፍሉይ መጋባእያ ብምቛም ክሲ ምስዕን ውሳነ ምሃብን።**

እዚ መማረፂ ኣብ ፌደራል ቤት ፍርዲ ምስ ኣድላዪ ምደባ ዳያኑ ብምግባር ዝካየድ እዩ። እዚ መማረፂ ኣብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንዝተመደቡ ዳያኑን ተሓጋገዝቶምን ግቡእ ስልጠና ብምሃብ ክሲ ምስማዕን ፍርዲ ምሃብን ኣብ ውሽጢ እቲ ዝጸንሐ መሓውር ቤት ፍርዲ ክካየድ እዩ። መሰል ይግባይ ንምትግባር ድማ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ስርሑ ዝፍፅም ተመሳሳሊ ፍሉይ መገባእያ ክቐውም እዩ።

**ጥንካረታት**

- እቶም ስራሕቲ ኣብ ዝፀንሑ ትካላት ንኽፍፀሙ ስለዘኽእል ሃፍቲ ይቐጥብ።

- ነቲ ዘሎ ሰብኣውን ትካላውን ዓቕሚ ንምጥቃም የኽእል።
- - ዝሓሸ ነፃነት ዘለዎ መሓውርን ብዝግባእ ምዕራይ ዝተደገፈ ምደባ ዳያኑን ክህሊ ስለዝገብር ኣብ ቀፃሊ ኣብ ህዝቢ ዘሎ ሕቶ ዘይሻራዊነትን ዓቕምን ኣብያተ ፍርዲ ንምምላስ ኣበርክቶ ክህልዎ እዩ።

**ስግኣታት**

- እኹል ለውጢ ዘይተገበረሎም ወይ ከምዝተገበረሎም ዘይቁፀሩ ኣብያተ ፍድርታት መጋባእያ ምጥቃም ኣብ ተኣማንነትን ተቐባልነትን ሕቶታት ከልዕል ይኽእል።
- እቶም ገበናት ዝተሓላለኹ ስለዝኾኑ ድሩትነት ዓቕሚ ክህሉ ይኽእል እዩ፡፡

## ካልኣይ መማረፂ፡ ክስታት ሰሚዑ ውሳነ ዝህብ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ምቛም

እዚ ኣገባብ ካብ ስሩዕ ኣብያተ ፍርዲ ዝተፈልየ ብሕጊ ናይ ገዛእ ርእሱ ውዳበ ዘለዎ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ብምቛም፡ ኣብቲ ጉዳይ ተመኩሮ ዘለዎም ኢትዮጵያውያን ከም ዳያኑ ብምሻም፡ ነቲ ቤት ፍርዲ ግቡእ ስልጣን፡ ሓላፍነትን ናጽነትን ብምሃብ ክስታት ንምስማዕን ምውሳ ንምሃብን ዝሕግዝ ኣገባብ እዩ።

**ጥንካረታት**

- ሓድሽ ትካልን ውዳበን ብምፍጣር ገልለተኛን ዝሓሸ ተቐባልነትን ዘለዎ ትካል ንክህሊ ዕድል ይፈጥር
- ምስ ዝተሓላለኸ ገበናት ዝመጣጠን ዓቕሚ ዘለዎም ዳያኑ ንምምዳብን ጉዳያት ብዝበለፀ ስሉጥ መንገዲ ንምምሕዳርን የኽእል።

**ስግኣታት**

- ምቛም ፍሉይ ቤት ፍርዲ ሕቶታት ሕገመንግስታውነት ከልዕል ይኽእል እዩ
- ሓዱሽ ትካል ምምስራትን ዓቕሚ ሰብን ኣድላዪ ሃፍትን ምቕራብ ነዊሕ ግዜ ክወስድ ይኽእል።

- ኣብ ምህናፅ ዘላቒ ትካል ክህልዎ ዝኽእል ኣበርክቶ ውሑድ እዩ።

**፪.፫.፫ ምርመራን ክስን**

ትካላት ምፅራይን ክስን ብመንፅር ዝፃወትዎ እጃም ብሰፊሑ ዝቐርቡ ክልተ መማረፂታት ኣለው።

**ቀዳማይ መማረፂ፦ ኣብ ውሽጢ ትካላት ፖሊስን ዓቀብትሕግን ከይዲ ምፅራይን ክስን ስርዓት ፍትሒ ስግግር ዝመርሑ ፍሉያት ጉጅለታት ምጥያሽ**

እዚ መማረፂ ኣብ ውሽጢ እቶም ዘለዉ መሓውራት መንግስቲ ከይዲ ምፅራይን ክስን ዝመርሑን ዘተሓባብሩን ፍሉያት ጉጅለታት ምጥያሽ ዝጠልብ እዩ። ነገር ግን እተን ትካላት ሐዚ ብዘለወን ቁመና እዚ ስራሕ ከተግብርኦ ስለዘይክእላ ትካላዊ ፅገና፣ ምፅራይን ምፍላይን ተግባራት እንተፈፂመን ጥራሕ እየን ከተግብረኦ ዝኽእላ።እዙይ ድማ ንውልቀ ኣባላት እቶም ጉጅለታት ዓለምለኽ መለክዕታት ዘማልኡ ስልጠናታት ምውሃብ እውን ይሓትት።

**ጥንካረታት**

- ነባራት መሓውራት ስለዝጥቀም ብዙሕ ሃፍቲ ይቑጥብ
- ሐዚ ዘሎ ሰብኣውን ትካላውን ዓቕሚ ንምጥቃም የኽእል
- ተመኩሮ ብምውህላል ህንፀት ትካላዊ ዓቕሚ የሳልጥ

**ስግኣታት**

- ትካላዊ ምዕረያ እንተየካየድካ ነባራት ትካላት ምጥቃም ኣብ ቅቡልነትን እምነት እቲ መስርሕን ውፅኢቱን ኣብ ሕቶ ዘውድቕ እዩ

***ካልኣይ መማረፂ፦ ከይዲ ምፅራይን ክስን ዘተሓባብር ፍሉይ ቤትፅዮ ዓቃብሕጊ ምጥያሽ***

ኣብዚ መማረፂ እዙይ ኩሎም ከይድታት ክሲ ነዙይ ተባሂሉ ብዝተጣየሸ ብፍሉይ ቤትፅዮ ዓቃብሕጊ እዮም ዝምርሑ።እዚ ትካል ናይ ባዕሉ ዓ/ሕጊ ጥራይ ዘይኮነስ ናይ መርመራ ስራሕ ዝሰርሑ ክኢላታት እውን ብምሕዋስ ዝምስረት እዩ።

**ጥንካረታት**

- ቅቡልነትን ነፃነትን ዘለዎ ሓዱሽ ትካል ንምጥያሽ ዕድል ይህብ
- ምፅራይን ክስን ብሓደ ትካል ስለዝስርሑ ኣሳልጦ የረጋግፅ
- እቲ ትካል ምሉእ ትኹረት ስለዝወሃቦ ቀፃሊ ደገፍ ክህልዎ ይኽእል
- ግዳያትን ህዝብን ነቲ ትካል ክድግፉዎ የለዓዕል
- ስምዒት ዋንነትን ተሓታትነትን የብርኽ

**ስግኣታት**

- ንዋት/መሰረተ-ልምዓት ዘማልእ ሓዱሽ ትካል ምጥያሽ ግዜ ይጠልብ
- ዓቕምን ልምድን ዘለዎም ሰብ-ሞያ ንምርካብ ዕንቅፋት ከጋጥም ይኽእል እዩ
- ዓቕሚ ነባራት ትካላት ኣብ ምህናፅ ዘለዎ ኣስተዋፅኦ ውሑድ እዩ
- ኣብ ውሱን ሃፍቲ ዓዲ ተወሳኺ መዋጥር ይፈጥር

**፪.፫.፫.፬ ሕጋዊ ምምሕያሻት፡ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት ኣብ ሕጊ ሃገርና ምእታው**

ሕጊ ገበን ኢትዮጵያ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት ብትኽክል ኣየጠቓለለን። እዙይ ኣብ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ኣብ ዝግበር ከይዲ ኽሲ ዓብዪ ክፍተት እዩ። ስለዝኾነ፣ መሰረታዊ ባእታታት 'ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት' ኣብ ሕጊ ገበን ኢትዮጵያ ክኣትው ምግባር የድሊ። እዙይ ዝተጠዓዓመን ፍትሓውን ስርዓት ፍትሒ ገበን ይፈጥር።

ብፍቡጥ፣ ሕጊ ገበን ንድሕሪት ተመሊሱ ኣይሰርሕን ዝብል መትከል ሓደሽቲ ድንጋገታት ወሲኽካ ኣብ ጥቕሚ ንምውዓል ከምተቓውሞ ክለዓል እዩ። ኮይኑግን፣ ገበን ኣንፃር ሰብኣውነት ኣብ ኩለን ሃገራት ተፈፃምነት ኣብዘለዎ ሕጊ ዓለምለኻዊ ልምዲ ገበን ተባሂሉ ተነፂሩ እዩ። ብተወሳኺ፣ ኢትዮጵያ ዘፅደቐቶ ዓለምለኻዊ ቃልኪዳን ሰብኣውን ፖለቲካውን መሰላት ኣብ ዓንቀፅ ፲፭(፪) ብተግባር ዓድታት ከም ሕጊ ዓለምለኽ ልምዲ ንዝማዕበሉ ተግባራት ኣብ ዝምልከት ነቲ ሕጊ ገበን ንድሕሪት ተመሊሱ ኣይሰርሕን ዝብል መትከል ፍሉይ ኩነታት ኣቐሚጡሉ እዩ። ሕገ-መንግስቲ ኢትዮጵያ ዓንቀፅ 13(2) እውን ኣብቲ ሕገ-መንግስቲ ዝተደንገጉ ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ ኣብ ዘፅደቐቶም ዓለምለኽ ስምምዓት ምስዝተደንገጉ መትከላት ከምዝሰማምዑ ተገይሮም ክትርጐሙ ከምዝግባእ ደንጊጉ እዩ።

ስለዝኾነ፣ ሕግታት ዓለምለኽ ልምዲ ኣብ ጥቕሚ ምውዓል ብፍላይ ኣብ ኣወሳስና መቕፃዕቲ ተቓውሞ ከልዕል ከምዝኽእል እንተይረሳዕኻ ኣብ ሕጊ ዓለምለኽ ልምዲ ተደሪኽካ ክሲ ምቕራብን ፍርዲ ገበን ክውሃብ ምሕታትን ይከኣል እዩ።

**፪.፬ ምውፃእን ምግላፅን ሓቂ**

**፪.፬.፩ ሓፈሻዊ**

ኣብ ከይዲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ሓቂ ምውፃእን ምግላፅን ሓደ ዋና ባእታ እዩ። ካብ ቤትፍርዲ ወፃእ እንታይ ዓይነት ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት ከምዝተፈፀሙን መጠን እቶም ዝተፈጥሩ ቁርታታትን ዝውሰኑሉ ከይዲ እዩ። ንዝተፈፀሙ ሕማቓት ተግባራት ብግቡእ ኣፍልጦ ምሃብ

እውን ይሓትት። ግዳያትን ስድራ ግዳያትን ብሓፈሻ ድማ እቲ ሕዝቢ ሓቂ ናይ ምፍላጥ መሰል ኣለዎ ኣብ ዝብል መትከል ይድረኽ። ጥሕሰታትን ዘይፍትሓውነታትን ኣፍልጦ ክወሃቦም ዝገብር ኣካይዳ ድሌት ፍትሒ ግዳያት ዘማልእ እዩ፡፡ ዝነበሩ ኩነታ ብደረጃ ሃገር ኣፍልጦ እንትወሃቦምን ብወግዒ ተገሊፆም ኣካል ታሪኽ እታ ሃገር እንትኾኑን ንወለዶኣውን ሃገራውን ዕርቂ መሰረት ዘንፅፉ እዮም። ኣብ ሃገርና ዝትግበር መስርሕ ፍትሒ ስግግር ነዞም ዕላማታት ከዐውት ትፅቢት ይግበር።

**፪.፬.፪ ቀንዲ ባእታታት ምውፃእ ሓቂ እንታይ እዮም?**

**ምርግጋፅ ተሳትፎ ግዳያት፡** ኣብዚ ከይዲ ተሳትፎ ግዳያት ወሳኒ እዩ። ግዳያትን ካልኦት ተበደልትን ታሪኾም ከዘንትዉ ዝበፅሖም ጉድኣት ብዝርዝር ክገልፁ ክግበር ኣለዎ።

**ተሳትፎ ጥርጡራት ገበን፡** ነቲ ዝተፈፀመ ኣስፈሕኻ ንምርዳእ ተሳትፎ ጥርጡራት ገበን እውን ወሳናይ እዩ። ምሉእ ስእሊ ክህልወካ ካብ ምስክርነት ግዳያት ሓሊፍካ ምኻድን የድሊ። ኣብ ምውፃእ ሓቂ ብፍላይ ግዳያት እንትሰኣኑ ቃል ፈፀምቲ ገበን ወሳኒ እዩ። ቃል ፈፀምቲ ብዛዕባ ትልሚ፣ ምትሕብባርን ዕላማን እቶም ዝተፈፀሙ ገበናት ከምኡ እውን ናይቲ ስርዓት ኣሰራርሓ ሓበሬታ ክህብ ይኽእል እዩ። ዝተሰወሩ ሰባትን ዝተቐበሩ ሬሳታትን ኣበይ ከምዘለዉ ንምፍላጥ እውን ይሕግዝ እዩ።

**ስነዳ ጥሕሰታት፥** ጥሕሰታት ምስናድ ብዛዕባ እቶም ጥሕሰታት ፍልጠ ክህሉ ይገብር፣ ከይደጋገሙ ውሕስና ይህብ፣ ኣብ ቀፃሊ ግዜ ጥሕሰት ከይፍፀም እውን ይከላኸል። በዚ ምኽንያት እዩ፣ ኮሚሽናት ምውፃእ ሓቂ ቃል መሰኻኽር፣ ሰነዳትን ዝተቐረፁ ምስላዊ ምርኢታትን ሓዊሱ ብዙሓት መርትዖታት እዮም ዝእከቡ።

**ሓቂ ምቅላሕ፥** ምውፃእ ሓቂ ኣብ ምስናድ ጥራሕ ዘብቅዕ እንተይኮነ ነቲ ሓቂ ምቅላዕን ንስቅያት ግዳያት ኣፍልጦ ምሃብን እውን የጠቓልል።

**፪.፬.፫ ትካላት፡ ንኸይዲ ምውፃእ ሓቂ መን ይመርሖ?**

ከይዲ ምውፃእ ሓቂ ሓሳባት ካብ ግዳያትን ፈፀምቲ ገበንን ምቕባልን መድረኽ ምይይጥ ህዝቢ ምድላውን የጠቓልል። ነዚ ንምስራሕ ዝጣየሽ ትካል ካብዞም ዝስዕቡ መማረፅታት ሓደ ክኸውን ይኽእል እዩ።

*ቀዳማይ መማረፂ÷ ኮሚሽን ሓቅን ዕርቅን*

ተመኩሮ ዓድታት ከምዘርእዮ ኣብ ከይዲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ከይዲ ምውፃእ ሓቂ ዝመርሕ ኮሚሽን ምዕራይ ሓቂ ምጥያሽ ዝተለመደ ተግባር እዩ። ኣብ ኢትዮጵያ እውን ቀዳማይ መማረፂ ተግባር ምውፃእ ሓቂ ነፃን ገለልተኛን ኮይኑ ንዝጣየሽ ኮሚሽን ሓቅን ዕርቅን ምሃብ እዩ።

**ጥንካረታት**

- ኣብ መስርሕ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ኮሚሽን ምቛም ብደረጃ ዓለም ተቐባልነትን ልሙድን ተግባር እዩ።
- ምውፃእ ሓቂ፣ ሓቂ መሰረት ዝገበረ ምሕረትን ዕርቅን ከምፅእ ስለዝሰርሕ ውፅኢታዊ እዩ
- ናይቲ ትካል ናፅነትን ዘይሽራውነትን ናይቲ ከይዲ ኣሳታፋይነትን ልዑል ቅቡልነት የምፅእ
- እቲ ትካል ሰራሕተይናታት ኮይኖም ዝሰርሑ ሰብ-ሞያ ስለዝስሕብ ሞያ መሰረት ገይሩ ዝስራሕ እዩ
- ከምዙይ ዝበለ ትካላዊ መስርሕ ምስ ዕላማ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ዝቃዶ እዩ፤ ምሕረት፣ ተሳትፎ ግዳያትን በደልትን፣ ጥርዓናት ምቕባል፣ መድረኻት ምድላውን ሓቂ ምውፃእ፣ ምስናድን ምቅላሕን ዘጠቓልል እዩ
- ኣብቲ ዓውዲ ፍሉጣት ክኢላታትን መራሕትን ከም ኣካል እቲ ትካል ብምግባር፣ እቲ ስራሕ ብፍልጠት ክምራሕ የኽእል፤

**ስግኣታት**

- እዚ መማረፂ ብዙሕ ንዋይ ይሓትት
- ኣብ ኢትዮጵያ ተመሳሳሊ ኮሚሽን ተፈቲኑ ፈሺሉ እዩ
- ብመንፅር ስፍሓት ሃገር ፣ መስርሕ ፍትሒ ስግግርን ገደብ ግዜ ኮሚሽንን እንትርአ ፀገም ተበፃሕነት ክህሉ ይኽእል እዩ።

*ካልኣይ መማረፂ÷ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ ወይ ኮሚሽን ሃገራዊ ምምይጥ*

እዚ መማረፂ ፖሊሲ እዙይ ነዞም ትካላት ተወሳኺ ስልጣን ንምውሃብ ምምሕያሽ ሕጊ ይሓትት

**ጥንካረታት**

- ነባራት ትካላት ስለዝጠናኸሩ ሃፍቲ ይቑጥብ እዩ
- ህንፀት ዓቕሚ ትካላት የሳልጥ

**ስግኣታት**

- እቶም ትካላት ኻልኦት ብዙሓት ስልጣናትን ሓላፍነታትን ስለዘለዉዎም እቲ ከይዲ ውፅኢታውነቱ ክቕንስ ይኽእል እዩ
- ብፍላይ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ሃገራዊ ትካል ስለዝኾነ ኣብ ስራህቲ ቁፅፅርን ክትትልን ፅልዋ ፅልዋ ክሕድረሉ ይኽእል እዩ፤ ብዓለምለኽ ተሞክሮታት እውን ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ትካላት ኣብ መስርሕ ፍትሒ ስግግር ቀጥታዊ ፈጻሚ ክኾኑ ኣይምከርን
- እዞም ትካላት ሕልኽላኽ ከይዲ ምውፃእ ሓቂ ንምፍፃም ዓቕሚ ክስእኑ ይኽእሉ እዮም
- ካብ ትካላት ወፃኢ ዘለዉ ኣብቲ ዓውዲ ኣፍልጦ ዘለዎም ክኢላታትን መራሕትን ናይ ምጥቃም ዕድል ኣይህብን ።

## ፬.፫ ዕርቂ

### ፬.፫.፩ ሓፈሻዊ

ሓደ ዕላማ ከይዲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ዕርቂ ምምፃእ እዩ። ዕላማ ዕርቂ ብሰፋሕቲ ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት፣ ኲናት፣ ጐንፂ፣ ዘይፍትሓውነት ዝወለዶ ማሕበራዊ ሓጓፍ፣ ፅልኣትን ፍርሕን ዝተረሓሓቑ ማሕበረሰባት ኣቀራሪብካ ሓዱሽ ጉዕዞ ህንፀት ሓበራዊ ፅባሕ ክጅምሩ ምግባር እዩ።

ዕርቂ ኣብ ከይዲ ፍትሒ ስግግር ዝህልዎ ተራ ኣብ ባህሪ እቲ ምስግጋር ዝድረኽ ኮይኑ ፤ብፍላይ ኣብ ከም ኢትዮጵያ ዝበላ ሃገራት ኣብግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ዝተሳተፉ ዝነበሩ መራሕቲ ወይ ውልቀሰባት ዝዓበየ ተራ ክፃወቱ ምግባር የድሊ ።

ዕርቂ ከም ስልቲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ኮይኑ ኣብ ተግባር እንትውዕል ከምኣካይዳን ከምሽቶን ይርአ። ከም ኣካይዳ፣ ፍትሒን ምርድዳእን ዘምፅእ ዓሚቑ፣ ነዊሕ ዝእምት፣ ዘይቀጥታውን ተዓፃፃፋይን ከይዲ እዩ። ዕርቂ ከም ሽቶ ፣ ዝተፈላለዩ ስትራተጂታት/ስልትታት ብምትግባር ክዕወት ዝኽእል ሽቶ እዩ። ብሓፂሩ ዕርቂ ከም ሽቶ ክውሰድ ከሎ ዝተፈላለዩ መሰጋገሪ ትካላት ብምጥቃም ክትግበር ዝኽእል እዩ።ዕርቂ ከም ከይዲ ዝርአየሉ ምኽንያት ድማ ኣብ ዝተወሰነ ግዜ ጥራይ ክትግበር ዝኽእል ሽቶ ዘይኮነስ ነዊሕ ግዜ ዝወስድ ስራሕ ስለዝኾነ እዩ ።

ዕርቂ ዘይተሓታትነት ኣየመላኽትን። ከምምውፃእ ሓቂ፣ ምሕረት፣ ምትካል እግርን ፍትሕን ምስዝኣመሰሉ ካልኦት ስልትታት ተጣሚሩ እዩ ዝፍፀም። ከይዲ ዕርቂ ፈፀምቲ ገበን ዝፈፀምዎ ተግባር ዝእምኑሉን ይቕረታ ዝሓትሉን፣ ግዳያት ድማ ነቲ ይቕረታ ዝቕበሉሉን ብስምምዕ ምንባር ዘረጋግፅን ክኸውን ኣለዎ።

**፪.፳.፪ ዓይነታት ዕርቂ ኣብ ስርዓት ፍትሒ ስግግር**

*ዕርቂ ብዙሓት መልክዓት ኣለውዎ። ኣብ ኩነታት ኢትዮጵያ ኣብ ቀፃሊ ዕርቂ ከምቀንዲ ባእታ ገይሩ ኣብ ዝወስድ ስርዓት ፍትሒ ስግግር እዞም ዝስዕቡ ዓይነታት ዕርቂ ኣብ ግምት ክኣትዉ ይግባእ።*

***ዓርሰ-ዕርቂ ወይ ምስ ባዕልኻ ዕርቂ፡*** *ጥፍኣተይናታት ምስካልኦት ትርጉም ዘለዎ ዕርቂ ክገብሩ እንተኽዕይኖም ፈለማ ምስባዕሎም ክዕረቑ ኣለዎም። ሕይወት ግዳያት እውን ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ድሕነት ብዘምዕእ ኣግባብ ክፍፀም ኣለዎ።*

***ዕርቂ ውልቀሰባት፥*** *እዙይ ኣብ ሞንጎ ግዳያትን ቀንዲ ወይ ካልኣይ ብርኪ ጥፍኣተይናታትን ዘሎ ርክብ ዘትኩር እዩ፤ እዙይ ድማ ዝተፈፀመ በደል ኣፍልጦ ምሃብ፣ ተሃድሶን ይቕረታ ምቕባልን ዘጠቓልል እዩ።*

***ማሕበራውን ፖለቲካውን ዕርቂ፥*** *እዚ ከይዲ ኣብ ሞንጎ ዝተረሓሓቑ ብሄራውያን፣ ማሕበራውያን፣ ሃይማኖታውያን፣ ፖለቲካውያን ወይ ካልኦት ጉጅለታትን ዕርቂ ምፍጣር ይጠልብ። እዙይ ኣብ ሃይማኖታውን ባህላውን ስልትታት ኣተኣላልያ ጕንፂ ተደሪኹ ሓባራዊ ዕባሕ ኣብ ምምስራት ዝዓለመ እዩ።*

***ትካላዊ ዕርቂ፥*** *እዚ ከይዲ ትካላት ተሓተትቲ ክኾኑ ኣብ ምግባር ዘትኩር ኮይኑ ትካላዊ ተሓድሶ/ምዕረያ ምክያድ ይሓትት። እቶም ከም ቀንዲ ዕላማ ዝተሓዙ ሰብኣዊ መሰላት ናይ ምኽባር፣ ምሕላውን ምምላእን ሓላፍነት ዘለዎምን ኣብ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ወሳኒ ግደ ዝፃወቱን ትካላት እዮም። ከምዙይ ዝኣመሰለ ዕማም ህዝቢ ኣብ ትካላት ዘለዎ እምነት ክምለስ ይሕግዝ።*

**፪.፳.፫ ትካላት፡ ከይዲ ዕርቂ መን ይመርሖ ?**

*ዕርቂ ክሲ፣ ምውፃእ ሓቅን ምሕረትን ናይ ዝሓውስ ሰፊሕ ከይዲ ኣካል እዩ። እዙይ ኮይኑ፣ ከይዲ ዕርቂ ካብዞም ዝስዕቡ ትካላዊ መስርሓት ብሓደ ክምራሕ ይኽእል።*

***ቀዳማይ መማረፂ፥ ከምብሓዱሽ ብዝቖም ኮሚሽን ሓቅን ዕርቅን***

*ብሉፅ ተመኩሮ ዓድታት ዘርእዮ ዕርቂ ኩለመዳያዊ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ክመርሕ ብዝተጣየሸ ትካል እንተዝምራሕ ተመራፂ ከምዝኾነ እዩ። ኣብ ነባራዊ ኩነታት ኢትዮጵያ ነዚ ስራሕ ዝዓምም ናፃን ዘይሽራውን ትካል ክጣየሽ ይኽእል እዩ።*

**ጥንካረታት**

- ዕርቂ ካብቶም ቀንዲ ዓምድታት ስርዓት ፍትሒ ስግግር ስለዝኾውን ዝሓሸ ውፅኢታውነት የረጋግፅ
- ብመሳተፋይነቱ፣ ትካላዊ ናፅነቱን ዘይሸራውነቱን ዝበለፀ ቅቡልነት ኣለዎ
- እቲ ትካል ሰብሞያ ስለዝስሕብ ብሞያውያን ዝስራሕ እዩ

**ስግኣታት**

- ሓዱሽ ትካል ምጥያሽ ብዙሕ ንዋይ ይሓትት
- ተመሳሳሊ ኮሚሽን ኣብ ሕሉፍ ተፈቲኑ ፈሺሉ እዩ
- ብምኽንያት ስፍሓት ሃገር ፣ ብመንፅር ዕምቆት መስርሕ ስርዓት ፍትሒ ስግግርን ገደብ ግዜ ኮሚሽን ን ፀገም ተባፃሕነት ከጋጥም ይኽእል እዩ።

***ካልኣይ መማረፂ፥ ብኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ ወይ ሚስዮን ሃገራዊ ምምኽኻር ኢትዮጵያ ኣቢልካ ናይ ዕርቂ ስራሕቲ ምፍፃም።***

እዚ መማረፂ እዙይ ሕጊ ኣመሓይሽካ ንኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ ወይ ድማ ንኮሚሽን ሃገራዊ ምምኽኻር ኢትዮጵያ ስልጣን ምውሳኽ ይጠልብ።

**ጥንካረታት**

- ሃፍቲ ዓዲ ይቑጥብ
- ዝለዓሉ ነቕፌታት ከምዘለዎ ኮይኖም፤ ብመንፅር ገለልተኛነትን ነፃነትን ዝሓሸ ተቐባልነት ክህልዎ ይኽእል እዩ፣

**ስግኣታት**

- እቲ ኮሚሽን ብዙሕ ስልጣንን ሓላፍነትን ስለዘለዎ እቲ ከይዲ ውፅኢታዊ ዘይክኾውን ይኽእል እዩ።
- ግዜ ክወስድ ዝኽእል ከይዲ ምምሕያሽ ሕጊ ይጠልብ
- ከምዙይ ዝበለ ስልጣን ምሃብ ዓለምለኻዊ ተቐባልነት ምስዘለዎም መርኣያታት ዘይክሳነ ይኽእል እዩ
- ምስ ካልኦት መማረፅታት ተዋዲዱ ናይ ምኻድ ክፍተት ከጓንፎ ይኽእል እዩ

## ፪.፮ ምሕረት

### ፪.፮.፩ ሓፈሻዊ

ምሕረት ካብቶም ኣብ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ዝትግበሩ መማረፅታት ሓደ እዩ። ኣብ ህንፀት ሰላም፣ ምክልኻል ጕንፅን ምርግጋፅ ማሕበረሰባዊ ሕይወትን ዘለዎ ግደ ዘየጋኣግእ እዩ። ኮይኑግን፣ ምሕረት ነዞም ዝተገልፁ ዕማማት ክግልግል ዝኽእል ብግቡእ ኣብ ጥቕሚ እንተውዒሉ እዩ። ምሕረት ብዘይገደብ እንተተዋሂቡ ምዝባዕ ፍትሒ የምፅእ፣ ዘይተሓታትነት የስፍን፣ ናይ ተብደልቲ ስምዒት ዋሕስ ኣልቦነት የጠናኽር፤ ንቐፃሊ ጕንፂ ድማ ሓባሪ ክኸውን ይኽእል እዩ። ዓለምለኻውን ክፍለ-ኣህጉራውን ድንጋገታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ከቢድ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት ንዝተሳተፉ ሰባት ምሕረት ምሃብ ጥሕሰት ግቡእ ሓለዋ ሰብኣዊ መሰላት ከምዝኾነ ይግንግኑ።

ኣብ ኢትዮጵያ ክትግበር ተሓሲቡ ዘሎ መስርሕ ስርዓት ፍትሒ ስግግር፤ ብዝተፈላለየ ደረጃ ገበን ንዝፈጸሙ ሰባት ቅድመኩነታት ብምቕማጥ ናይ ምሕረት ኣሰራርሓ ምትካል ኣድላዪ ክኸውን እዩ። ምሕረት ንምሃብ ቅድመ ኩነት ብንፁር ምቕማጥ፣ ይቕረታ ዝግበረሎም ዓይነታት ገበናት ምውሳን፣ ምሕረት ዝወሃበሉ ከይድን ስነስርዓትን ምዝርዛር፣ መስርሕ ምህረት ብግልፅን ዘይሻራዊ ብዝኾነ መንገዲ ዝሰርሑ ትካላትን ኣወዳድባን ምውሳን የድሊ።

**፪.፮.፪ ኣብ ምውሃብ ምሕረት ኣብ ግምት ክኣትዉ ዘለዎም ነገራትን ዝህልዉ ቅድመ-ኩነታትን** ተመኩሮ ከምዘርእዮ ኣብ ምውሃብ ምሕረት እዞም ዝስዕቡ ነገራት ኣብ ግምት ክኣትዉ ኣለዎም።

**ተሳትፎ፣ ተፈጥሮን ክብደትን ገበን፥** ምሕረት ንምውሃብ ኣብ ግምት ክኣቱ ዘለዎ ሓደ ናይቲ ምሕረት ዝወሃብ ሰብ ተሳትፎ ገበን እዩ፤ ምሕረት ንከበድቲ ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት ዘይተሓታትነት ከምፅእ ይብሉን።

**ተሳትፎ ፈፀምቲ ገበን፥** ምሕረት ምውሃብ ምስ ፈፀምቲ ገበን ስጡም ምትሕብባር ይሓትት እዩ፤ ፈፀምቲ ገበን ብምሕረት ተጠቀምቲ ንኽኾኑ ኣብ ኩለመዳያዊ ከይዲ እቲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ተሳተፍቲ ክኾኑ ኣለዎም።

**ሓቂ ምውፃእ፥** ምሕረት ኣብ ምውፃእ ሓቂ ቁልፊ ግደ ኣለዎ። ንምሕረት ዝበቕዑ ፈፀምቲ ገበን ብዛዕባ ኣፈፃፅማ እቶም ገበናት (ምድላው፣ ትልሚ፣ ዕላማ፣ ዓውዲ ኣፈፃፅማ ወ.ዘተ.) ዝርዝር ሓበሬታ ብምሃብ ነቲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ክድግፉ ኣለዎም።

ጣዕሳ/ነስሓን ይቕረታን፥ ኣብ ኣካይዳ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ንዝተፈፀመ በደል መፍትሒ ካብ ምውሃብ ብተወሳኺ ህዝብን ግዳያትን ንኸይድገም መረጋገፂ ይደልዩ እዮም። ፈፀምቲ ገበን ክናስሑ/ክጠዓሱ ጥራሕ እንተይኮነ ንግዳያት እውን ይቕረታ ክሓቱዎም ኣለዎም።

ምትሕብባር፥ ፈፀምቲ ገበን ምስ ትካላት ፍትሒ ክተሓባበሩ፣ ኣብ ስራሕቲ ሕውየትን ከይዲ ባህላዊ ፍትሕን ክሳተፉ፣ ዝወሰዱዎ ንብረት ክምልሱ፣ ንመትከሊ እግሪ ኣስተዋፅኦ ክገብሩ ወ.ዘተ. ኣለዎም።

## ፩.፮.፫ ትካላት፥ ምሕረት መን ይህብ?

ካብ ባህርን መሓውርን ከይዲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ብተወሳኺ ትካላዊ ቅቡልነትን ተኣማንነትን እውን ቀንዲ ረቛሕታት እዮም። ሓንቲ ዓዲ ከም መማረፂ ክትሪኦም ካብ እትኽእል ትካላዊ መማረፅታት እዞም ዝስዕቡ  ይርከቡዎም።

### *ቀዳማይ መማረፂ፥ ምጥያሽ ሓዱሽ ኮሚሽን  ሓቅን ዕርቅን*

እዚ መማረፂ ንኸይዲ ምውፃእ ሓቅን ፍትሕን ዝመርሕ ናፃን ዘይሸራውን ትካል ምጥያሽ ይሓትት። እዚ መማረፂ ኣብ ብዙሓት ዓድታት ሰሪሑ እዩ። መስርሕ ምህረት ብዝምልከት፣ኣብቲ ንመስርሕ ስርኣት ፍትሒ ስግግር ዝምልከት ሕጊ ኣድለይቲ ድንጋገታት  ክህልዉ ምግባር ኣድላይ እዩ።

### ጥንካረታት

- *ምሕረት ንምርግጋፅ ምውፃእ ሓቅን ዕርቅን ዘለዎ ዕላማ ዘማልእ እዩ*
- ሰብሞያ ናብ ሓደ ብምትእኽኻብ ጥንኩር ትካል ክህነፅ የኽእል
- ትካላት ናፃን ዘይሸራውን ኮይኖም ስለዝጣየሹ ዘተኣማምን ከይዲ ክህሉ የኽእል
- ፈፀምቲ ገበን ኣብ ከይዲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ክሳተፉ የባራትዕ
- ኣብ ከይዲ ምሕረት ምሃብ፣ ናይ ምሕረት ቅድመ ኩነታት ምምልኣም፣ሰባት ምሕረት ንክረኽቡ ብቑዓት ምኻኖም ምርግጋፅ፣ ምርግጋፅ ተሳትፎ ግዳያት ፣ ድሕሪ ምህረት ምሃብ ቅድመኩነታት/መለክዕታት ዝተማልኡ ምኻኖም ምፅራይ፣ከምኡ ውን ቀፃልነት ዝተውሃበ ምሕረት ንምርግጋፅ ዝስርሑ ካልኦት ብዙሓት ስራሕቲ ዝሓዘ ብምኻኑ ፤ እዚ ተግባር ንዚ ዕለማ ተባሂሉ ንዝቖም ትካል ብሓላፍነት ክመርሖ ምሃብ ኣግባብነት ዘለዎ እዩ፡፡

**ስግኣታት**

- እዚ መርኣያ ኣብ ውሱን ሃፍቲ ዓዲ ተወሳኺ መዋጥር ይውስኽ
- ተመሳሳሊ ትካል ተፈቲኑ ፈሺሉ እዩ
- ብምኽንያት ስፍሓት ሃገር ፣ ብመንፅር ዕምቆት መስርሕ ስርዓት ፍትሒ ስግግርን ገደብ ግዜ ኮሚሽን ን ፀገም ተባፃሕነት ከጋጥም ይኽእል እዩ።

***ካልኣይ መማረፂ÷ ሕዚ ዘሎ ሕጋውን ትካላውን መስርሕ ኣወሃህባ ምሕረት ኣመሓይሽካ ምጥቃም***

እዚ መማረፂ ስነ-ስርዓት ቁፅሪ ኣዋጅ ፲፱፻፹፱/፳፻፲ ንስርዓት ፍትሒ ስግግር ብዝግባእ መልክዑ ብምምሕያሽ ሚኒስቴር ፍትሕ፣ ቦርድ ምሕረትን ቀደማይ ሚንስትር ምርመራን ውሳነን ዝህብሉ መስርሕ ምትግባር ማለት እዩ።

**ጥንካረታት**

- ህልዋት ትካላት ስለዝጥቀም ሃፍቲ ዓዲ ይቑጥብ
- ህንፀት ዓቕሚ ኣብ ስራሕ ዘለዉ ትካላት የሳልጥ

**ስግኣታት**

- መንፈስ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ስለዝይኽተል መሰረታዊ  ምምሓያሻት የድልዮ
- ሕልኽላኻት ዋኒናት ኣሳተፉይ ብዝኾነ ከይዲ ክእልዩ ስለዘይገብር ምስ ፅንሰሓሳብ ሰርዓት ፍትሒ ስግግር ኣይጠዓዓምን
- ዋሕዲ ተኣማንነትን ቅቡልነትን ዕንቅፋት ክኾኖ ይኽእል እዩ
- ፈፀምቲ ገበን ኣፍቲ ከይዲ ከይሳተፉ ዝድህል እዩ

**፪.፮.፬ ምሕረት ብሕጊ መሰረት ክወሃብ ክማልኡ ዘለዎም ቅድመ-ኩነታት**

ፌደራላዊ ሕገ-መንግስቲ ኢትዮጵያ ዓንቀፅ 28 'ከም ምፅናት ዘርኢ፣ ብዘይፍርዲ መቕተልቲ፣ ኣገዲድካ ምስዋርን ምስቓይን ንዝኣመሰሉ ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት' ምሕረት ከልኪሉ እዩ። እዚ ዝርዝር እዙይ ኣብ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ዝሕቆፉ ገበናት ዘጠቓልል እዩ፣ ስለዙይ፣ ምስቲ ሕገ-መንግስቲ ዘይቃደዉ ዕማማት ንዘይምሕንፃፅን ንዘይምትግባርን ጥንቃቐ የድሊ።

ልዕል ኢሉ ከምዝተገለፀ፣ ብሕጊ ዓለምለኸ ዝተነበሩ ገደባት እውን ኣለዉ እዮም - ብፍላይ ብዓለምለኸ ገበናት ንዝተጠርጠሩ ሰባት ምሕረት ምውሃብ ብዝምልከት። ኮይኑግን፣ እዞም ገደባት

እዚኦም ኣብ 'ንቡር ኩነታት' ተፈፃሚ ዝኾኑ እዮም - ስርዓት ፍትሒ ስግግር ኣብ ዝድለየሉ ዓውደ-ኹነት ኣይኮኑን። ብመንፅር እዙይ፣ ሓንቲ ዓዲ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት ናይ ምኽሳስ ግቡእ ኣለዋ እንትባሃል ሓደሓደ ሃገራዊ ጉዳያት ንዘላቒ ዝፈትሑ፣ ንምክልኻል ገበን ዝሕግዙ ወይ ገበናት ከይድገሙ ውሕስነት ዝህቡ ኣካይዳታት ምኽራፅን ምትግባርን ክልኩል እዩ ኣባህላ ኣይኮነን። ፖሊሲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ኣፍሪካ እውን እቲ ዝተኽልከለ ተግባር ናይ ግዳያት መሰል ሓቅን ፍትሕን ብዝጥሕስ ብዘይቅድመ-ኩነት ምሕረት ምውሃብ ከምዝኾነ ብንፁር ደንጊጉ እዩ።

በዚ ኣግባብ እዙይ ብቕድመ-ኩነታት ዝተወሰነ፣ ምውፃእ ሓቂ ዘሳልጥን ምትካል እግሪ ግዳያት ዘረጋግፅን ከይዲ ኣወሃህባ ምሕረት ምኽራፅን ምትግባርን ምስቲ ፌደራላዊ ሕገ-መንግስትን ሕጊ ዓለምለኸን ዘሳኒ እዩ።

ስለዚ፣ ከምቲ ኣብ ፖሊሲ ፍትሒ ስግግር ኣፍሪካ ብግለፂ ዝተቐመጠ ኣብ ስግግር ዝርከባ ሃገራት ከይግብርኡ ዝተኸልከላ እቶም ግዳያት ፍትሒ ናይ ምርካብን ሓቂ ናይ ምፍላጥን መሰል ዝድርቱ ዓይነታት ምህረት እዩ። ቅድመ ኩነት ዘለዎ ምሕረት፣ ንረብሓ ግዳያት ዘጠቓልልን ሓቂን ዕርቅን ፍትሕን ንምዕዋት ዝሕግዝ ምሕረት ዝድገፍን ኣካል ከይዲ ስርኣት ፍትሒ ስግግር እዩ።

ብመንፅር እዚ ፣ ዓለምለኻዊ ሕግን ፖሊሲ ፍትሒ ስግግር ኣፍሪካን ብቅድመ ኩነት ንዝወሃብ ይቕርታ ኣይኽልክልን፤ የግዳስ እቲ ፖሊሲ ምሕረት ከም ሓደ ኣካል መስርሕ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ከምዝኾነ የቐምጦ እዩ፡፡ ስለስኾነ ድማ ድንጋገታት ሕገመንግቲ ድማ በዚ ኣግባብ ኣስማዕሚዕካ ምርዳእ የድሊ፡፡

## ፬.፯ መትከሊ እግሪ

### ፬.፯.፩ ሓፈሻዊ

ከይዲ ኣፈፃፅማ መትከሊ እግሪ ንዝበፅሖ ጥሕሰታትን ዕንወታትን ውፅኢታውን ተመጣጣንን ዝኾነ ገንዘባውን ዘይገንዘባውን ካሕሳን መፀገንን ምውሃብን ዝተወሰደ ንብረት ምምላስን ዘጠቓልል እዩ። ቐንዲ ዕላማ እዚ ስልቲ እዙይ ድማ ንኽይዲ ሕይወትን ተሓድሶን ግዳያትን ምዕረያ ጠባይ በደልትን ምድጋፍ እዩ።

ክሳብ ሎሚ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ተግባር ዝወዓሉ ስልትታት ስርዓት ፍትሒ ስግግር መትከሊ እግሪ ከም ዕላማ ኣብ ግምት ኣይኣእተዉዎን፤ እዙይ ድማ ስእነት ፍትሒ ኣስዒቡ እዩ። ኣብ ዝኾነ ይኹን ቅቡል ስርዓት ፍትሒ ስግግር ብዛዕባ ምንቅስቓስን ምሕደራን ሃፍቲ ከምኡ እውን

ንግዳያት እኹል፣ ውፅኢታውን ቅልጡፍን መትከሊ እግሪ ዘምፅእ ኩሉመዳያዊ ፖሊሲ ምችራፅ ጠቓሚ ባእታ ፍትሒ እዩ።

**፪.፮.፪ ኣብ ከይዲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ዝህልዉ መልክዓት መትከሊ እግሪ**

**ናብ ዝነበሮ ምምላስ፦** እዚ ስነ-ስርዓት እዙይ ዝተፋናቐሉ ግዳያት ናብ ገዝኦም ምምላስ፣ ሰራሕተይናታት ናብ ስርሖም ምምላስ፣ ንዝባኸነ ዕድል ስራሕ ካሕሳ ምውሃብ ወይ ዝተወሰደ ንብረት ምምላስ የጠቓልል። እዚኣቶም ብቐንዱ መንግስቲ ግቡኡ ክፍፅም ዝሓቱ እዮም፣ ግን ተወሳኺ ወፃእታት ክሓቱ ስለዝኸእሉ ከም ስሩዕ ግቡእ መንግስቲ እምበር ከምተወሳኺ ወፃኢ ክርአዩ የብሎምን።

**ካሕሳ፦** እዙይ ንግዳያት ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት ተመጣጣኒ ካሕሳ ብገንዘብን ብዓይነትን ምሃብ የጠቓልል። እዙይ ብመልክዕ ዳግም ህንፀት፣ ዕድል ስራሕ ምሃብን መጠወሪ ወይ ገንዘብ ምሃብን ክኸውን ይኽእል። ብቐንዱ ነዚ ዕማም መንግስቲ ገንዘብ ክስልዕ ዝግብኦ ኮይኑ በደልትን በቶም ዝተፈፀሙ ዘይፍትሓውነታት ዝተረብሑ ሰባትን እውን ነዙይ ገንዘብ ከዋፅኡ ኣለዎም።

**ሕብረተሰባዊ ካሕሳ፦** እዙይ ናይ ማሕበረሰብ መሬት ምምላስን፣ ከም ትካላት ጥዕና፣ ትምህርቲ፣ ድሕንነት፣ ማሕበራዊ ግልጋሎትን መሰረተ ልምዓትን ዝበሉ ንዕለታዊ ናብራ ሕብረተሰብ ወሰንቲ ትካላት ዝኾኑ ዳግም ምህናፅን የጠቓልል።

**ዕግበት ኣእምሮ፦** እዙይ ካልኦት እውን ሓዊሱ ሓቂ ብምውፃእ፣ ንስቓያት ኣፍልጦ ብምሃብ፣ ዕላዊ ይቕረታ ምሕታት፣ ንዝሞቱ ብስርዓት ምቕባር፣ ንመደባት መዘክር ኣስተዋፅኦ ብምግባርን ዘይንዋታዊ ካሕሳ ብምሃብን ዝፍፀም እዩ።

**ምቛም መዘክር፦** ንኻልኦት ሓዊሱ ፍሉያት መደባት ብምክያድ፣ ሓወልትታት ወይ ምልክታት ብምህናፅ፣ ህዝባዊ ህንፃታት ዳግማይ ብምስያምን ስራሕቲ ጥበብ፣ ባህላውን ብሂራውን ምልክታት፣ ህዝባዊ በዓላትን ወይ መፅሓፍቲ ታሪኽን ስርዓት ትምህርትን ብምኽላስን ይፍፀም።

**ሕይወት ሕውየት /ምሕዋይ፦** እዙይ ግዳይ-ተኮር መስርሕ ደገፍ ጌርካ ሕክምናዊ፣ ስነ-ኣእምሮኣውን ተዛመድትን መሰረታዊ ግልጋሎታት ደገፍ ምሃብ የጠቓልል።

**ዳግማይ ከይፍጠር ምግባር፡** እዙይ ተመሳሳሊ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላትን ካልእ ጥሕሰታትን ዳግማይ ከይፍፀም ንምክልኻልን ንምርግጋጽን፣ ኣብቲ ግህሰት ንኽፍፀም ዘፍቀደ ሕጋታትን ትካላትን ግቡእ

ለውጢ ምግባር፤ምምዕባል ኣገባባት ብምግማት ግጭታት ምክልኻልን ምቁጽጻርን፤ከምኡውን ካልኦት ጥሕሰታት ንምክልኻል ዘኽእሉ ስጉምትታት ምትግባር የጠቓልል።

***፪.፯.፫ ቐንዲ ተግባራት ህንፀት ስርዓት ምትካል እግሪ***

***ንመትከሊ እግሪ ዝኸውን ሕጋዊ መስርሕ፦*** ኣብ ግዳያት ከበድቲ ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት ዘተኰረ ምስረታ መደብ መትከሊ እግሪ ኣብ ንፁር ሕጊ ክድረኽ ኣለዎ። እቲ ሕጋዊ መስርሕ ብዛዕባ ዓይነትን ትሕዝቶን መትከሊ እግሪ፣ ቅድመ-ኩነታት ካሕሳ፣ ትርጉም ግዳያትን ካልኦት ተዛመድቲ ጉዳያትን ንፁር ድንጋገ ክሕዝ ኣለዎ። እዚ ንምትግባር ድማ ናይ መንግስቲ ግቡእ ተወፋይነት የድሊ፡፡

***ተጠቀምቲ ካሕሳ ዝኾኑ ግዳያት ምምማይ፦*** ተጠቀምቲ መትከሊ እግሪ ዝኾኑ ግዳያት ዝምመዩሉ መስርሕ ምንፃር ወሳኒ እዩ። ኩሎም ግዳያት ዝከሓሱሉ ስርዓት ምቕራፅ ስለዘይከኣል ንስርዓት ፍትሒ ስግግር ዘገልግል ከይዲ ምፅራይን ምምማይ ግዳያትን ዝምርሐሉ ኣሰራርሓ ምምስራሕ ኣድላዪ እዩ።

***በደልቲ ንመትከሊ እግሪ ዝገብርዎ ኣስተዋፅኦ፦*** ንምውፃእ ሓቂ ካብ ምሕጋዝን ይቕረታ ካብ ምሕታትን ሓሊፉ እቲ ፖሊሲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር በደልቲ ከከምኩነታቱ ካሕሳ ብምኽፋል፣ ዝዓነወ ብምፅጋን፣ ከምኡ/ወይ ድማ ንመደብ መትከሊ እግሪ ውህብቶ ብምብርካት ኣስተዋፅኦ ዝገብሩሉ ስልቲ ክድንግግ ኣለዎ።

***ምጥያሽ ማዕኸን ገንዘብ ግዳያት/ ምምስራት ፈንድ ግዳያት/፦*** ዓለምለኻዊ መለክዕታት ሰብኣዊ መሰላት ዘማልእ መስርሕ ሕይወትን ካሕሳን ንምጥያሽ ገንዘብ ዘንቀሳቕስ፣ ዝእክብን ዘማሓድርን ማዕኸን የድሊ እዩ። እዙይ ብፍላይ ከም ኢትዮጵያ ኣብ ዝበሉ ውሱንነት ሃፍቲ መጠነ-ሰፊሕ ስርዓት መትከሊ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ዕንቅፋት ኣብ ዝኾነለን ዓድታት ግድን እዩ። ስለዝኾነ፣ ከምዙይ ዝበለ ማዕኸን ብሕጊ ስልጣን ቁፅፅር ብዝተዋህቦ ትካል ክጣየሽ ኣለዎ።

***፪.፯.፬ ትካላት፡ ንስርዓት መትከሊ እግሪ መን ይምርሓዮ/የተሓባብሮ?***

ብመንፅር ትካላዊ ኣቃውማ ዘሎ ተመኩሮ ዝተፈላለየ እዩ፤ ንስርዓት መከሓሓሲ መን ይምርሓዮ፣ ካሕሳ ኸ መን ብኸመይ ይኸፈል ኣብ ዝብል ሕቶ ንምምላስ እዞም ዝስዕቡ ከምመማረፂ ክርአዩ ይኽእሉ እዮም።

*ቀዳማይ መማረፂ፥ ብዝቑም ሓዱሽ ኮሚሽን*

ተመኩሮ ብዙሓት ዓድታት ኮሚስዮናት ሓቂ፣ ዕርቅን መትከሊ እግርን ነቲ ከይዲ ናይ ምምራሕን ምትሕብባርን፣ ተጠቀምቲ ምምማይ፣ ካሕሳ ዝኽፈለሉ መንገዲ ምንፃርን ጥሙራት ኣግባባት ካሕሳ ከም መፍትሒ ናይ ምቕራብን ስልጣን ከምዘለዎም የርኢ። ብተመሳሳሊ ኣብ ኢትዮጵያ ክትግበር ይኽእል እዩ።እቲ ነፃ ኮይኑ ዝቑም ኮሚሽን ነዚ ዕላማ ዝጣየሽ ገንዘብ ግዳያት ዝትቀመሉ ዘፍቅድ ሕጋዊ መስርሕ ክህልዎ እዩ፡፡

ጥንካረታት

- ናይቲ ከይዲ ውፅኢታውነት ዘረጋግፅ እዩ፤ ናፅነት እቲ ትካል ሰፊሕን ሕልኽላኽን መስርሕ ምትካል እግሪ ንምምራሕ የኽእል
- ካልኦት ስራሕቲ እቲ ኮሚሽን ንሕቶታት ምትካል እግሪ ንምምላስ ስለዝሕግዙ ውፅኢታዊ እዩ
- ናይቲ ትካል ናፅነት፣ ዘይሽራውነትን ኣሳታፉይነትን ዝሓሸ ብርኪ ቅቡልነት የጓናፅፎ

ስግኣታት

- ከምዙይ ዝኣመሰለ ትካል ምጥያሽ ብዙሕ ሃፍቲ ዓዲ ይጠልብ
- ተመሳሳሊ ትካል ኣብ ሕሉፍ ተፈቲኑ ስለዘይተሳኽዐ ፐሊቲካዊ ተበግሶ ክንእስ ይኽእል
- እቲ ኮሚሽን ሕልኽላኽን ብዙሕ ዓቕሚ ዝሓትትን ስራሕ መትከሊ እግሪ ብውፅኢታውነት ንምፍፃም ዕንቅፋት ክገጥሞ ይኽእል እዩ
- ብምኽንያት ስፍሓት ሃገር ፣ ብመንፅር ዕምቆት መስርሕ ስርዓት ፍትሒ ስግግርን ገደብ ግዜ ኮሚሽን ን ፀገም ተባፃሕነት ከጋጥም ይኽእል እዩ።
- እዚ ስራሕ ስልጣኑ ንውሱን ግዜ ንዝፀንሕ ከሚስዮን ምሃብ እቲ ስራሕ ቀፃልነት ከይህልዎ ይገብር፡፡

*ካልኣይ መማረፂ፥ ናይ ውልቀ ካሕሳ ብዝምልከት ምስ ጉዳያት ገበን ተጣሚሩ ክርእ ምግዳፍ፤ ማሕበረሰባዊ ካሕሳ ብኮሚሽን ሃገራዊ ምይይጥ ወይ ብኮሚሽን ሰበኣዊ መሰላት ክርእ ምግባር*

ጥንካረታት

- እዚ መርኣያ እዙይ ኣብ ስራሕ ዘለዉ ትካላዊ መሓውራት ስለዝጥቀም ሃፍቲ ዓዲ ይቑጥብ
- ህንፀት ዓቕሚ ትካላት የሳልጥ

- ውልቀ በደልቲ ካሕሳ ክኸፍሉ ብምግባር ውልቃዊ ተሓታትነት የረጋግፅ

**ስግኣታት**

- እዚ መርኣያ ብኣሳታፋይ መስርሕ ክፍፀሙ ዘለዎም ሕልኽላኻት ስራሕቲ ምትካል እግሪ ንምፍፃም ዘኽእል ትካላዊ ዓቕሚ የብሎምን፡፡ ፣
- ምስ ካልኦት ስልትታት ስርዓት ፍትሒ ስግግር ኣጣሚርካ ምፍፃም ከቢድ ክኸውን ይኽእል እዩ
- ኣብ ስሩዕ ኩነታት እውን ብመደበኛ ስርዓት ካሕሳ ምኽፋል ከቢድ ስለዝኾነ ግዳያት በዚ መንገዲ ካህሳ ክረኽቡ ምግባር  ዘይውዕኢታዊ ከኸውን ይኽእል
-  ብበዝሒ ስራሕ እቶም ዝምልከቶም ትካላት ምኽንያት ዘይዕዉት ከኸውን ይኽእል እዩ
- ኩሎም ዋኒናት ብኸይዲ ምርመራ ቤትፍርድን ምምሕዳርን ስለዘይሓልፉ ብዳልዋ ክብከል ይኽእል

## ፪.፳ ትካላዊ ተሓድሶ

### ፪.፳.፩ ሓፈሻዊ

ኣብ ዝኾነ ከይዲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ጥሕሰት ሰበኣዊ መሰላት ፈፂሞም ወይ ደጊፎም እዮም ተባሂሎም ናይ ዝጥርጠሩ ትካላት ሓለፍቲ ወይ ሰራሕተይናታት ተሳትፎ ንከይዲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ዕንቅፋት ክፈጥር ይኽእል እዩ። ስለዙይ፣ ሰባት ዝስጉጉሉን ትካላዊ ተሓድሶ ዝካየደሉን ስርዓት ዝመርሕ ንፁር ኣንፈት ምቕማጥ የድሊ። ከከምኩነታቱ፣ እዚ ኣንፈት ጥርጡራት ንምምማይ፣ ምዕራይን ውዕሎም ምቁራፅን ከምኡ/ወይ ድማ ናብ ካልኦት ትካላት ክዛወሩ ዘኽእል ክኾን ኣለዎ። እዙይ ቅቡልነት፣ ተኣማንነትን ኣሰራርሓን ትካላት ብምዕባይ ዘላቒ ትካላዊ ተሓድሶ ክህሉ ዝገብር እዩ።

ኣብ ኢትዮጵያ፣ ኣብ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ዝሰርሑ ትካላት ኣብ ትካላዊ ቁመንኦም ወይ ተዋፅኦ ሰቦም መሰረታዊ ለውጢ እንተይገበሩ እዮም ዝቕፅሉ። ካብ መፈለምትኡ ዕድል ዕዉትነት ስርዓት ፍትሒ ስግግር ንምዕባይ ከቢድ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት ዝፈፀሙ ሰበ-ስልጣንን ሰብሞያን ካብ መዝነቶም ክለግሱ ምግባር ኣድላዪ እዩ።ከምኡ እውን ዕዉትነት ስርዓት ፍትሒ ስግግር ንምርግጋፅን ከበድቲ ጥሕሰታት ከይድገሙን ትካላዊ ተሃድሶ ከም መሰጋገሪ ፍታሕ ምትግባር የድሊ፡፡

**፪.፰..፪ ባእታታት ትካላዊ ምዕረያ ኣብ ስርዓት ፍትሒ ስግግር**

***ምምማይን ምፅራይን፥*** እዚ ብርኪ እዚ ንስርዓት ፍትሒ ስግግር ኣግባብነት ዘለዎም ትካላትን ከይድታት ስራሕን ምምማይ ዝምልከት እዩ። ኣብዞም ትካላት ዘሎ ከቢድ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት ዝፈፀመ ወይ ክፍፀም ዝኣዘዘ ሓይሊሰብ ክፃረ ኣለዎ። እቲ ከይዲ ምፅራይን ምምማይን ብሃፍረበጥ/ብኢደወነናዊነት/ ዝስራሕ ከይኸውን ንምክልኻል እቲ ስራሕ ኣቐዲሞም ብዝተቐመጡ መነፀርታታት ፍትሕን ሰብኣዊ መሰላትን እንዳተመርሐ ክስራሕ ኣለዎ።

***ውዕል ስራሕ ወይ መዝነት ምቁራፅ፥*** ብተወሳኺ ከቢድ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት ፈፂሞም ወይ ክፍፀም ገይሮም ወይ ኣስተዋፅኦ ገይሮም እዮም ናይ ዝተባህሉ ሰባት ውዕል ክቋረፅ ኣለዎ ወይ እቶም ሰባት ካብ ዝሓዝዎ መዝነት ክለቁ ኣለዎም። ዘይተሓታትነት ከይህሉ ካብ ምግባር ብተወሳኺ ግዳያት ፍትሒ ዝረኽቡሉ ሓደ መንገዲ እዩ።

***ለውጢ ሕግን ኣሰራርሓን፡*** ዋና ዕላማ እዚ ድማ መሰላት ዜጋታት ዘኽብሩን ዝሕልዉን ሕግታት፣ መሓውራትን ኣሰራርሓታትን ምፍጣርን ሕሉፍ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት ከይድገሙ ንምክልኻል ኣብ ሕግታት፣ ትካላትን ሰባትን ለውጥታት ምክያድ እዩ።

**፪.፰.፫ ትካላት፥ ንኸይዲ ትካላዊ ተሓድሶ ኣብ ስርዓት ፍትሒ ስግግር መን ይመርሖ?**

ከይዲ ምምማይ፣ ምፅራይን ምቁራፅ ርክብ ስራሕን ልዑል ጥንቃቐ ዝሓትት እዩ። ካብ ዘይግቡእ ኣፈፃፅማ ዝስዕቡ ዘይፍትሓውነታት ምውጋድ፣ ቀፃልነት ስራሕ መንግስቲ ዝፀልዉ ክፍተታት ምክልኻልን ናብ ጐንፂ ከየምርሕ ጥንቃቐ ምግባርን የድሊ። እዙይ ብኸልተ ትካላዊ መማረፅታት ክረጋገፅ ይኽእል እዩ።

***ቀዳማይ መማረፂ፥ ነቲ ከይዲ ዝመርሕ ሓዱሽ ትካል ምጥያሽ***

እዚ ዕማም እዙይ ንፁር ስነ-ስርዓት ኣሰራርሓ ዘለዎ ኮሚሽን ፣ ሽማግለ ወይ ፍሉይ ቤትዕዮ ክኸውን ይኽእል እዩ።

### ጥንካረታት

- ብናፃን ዘይሸራውን ትካል ስለዝምራሕ ቅቡልነት መልዕሎኡ እዩ
- ዘይግቡእ ጣልቃ ምእታው (ካብ ፖለቲካ፣ ካብ ብሔር ወይ ካብ ጉጅለታት ሰብረብሓ) ብዝሓሸ ክዓግት ይኽእል እዩ
- ምስ ካልኦት ስልትታት ስርዓት ፍትሒ ስግግር ተሳንዩ ዝኸይድ እዩ

### ስግኣታት

- ብዙሕ ሃፍቲ ዓዲ ይሓትት
- ንውፅኢታውነት እቲ ከይዲ ምምማይን ምፅራይን ኣድላዪ ዝኾነ ፖለቲካዊ ቁመና ክጕድሎ ይኽእል እዩ

### *ካልኣይ መማረፂ ፥ ግዝያዊ መሓውራት ምጥያሽ*

እዚ መማረፂ እዙይ ኣብ ውሽጢ እቶም ኣብ ስራሕ ዘለዉ ትካላት ብመሰረት ኣቐዲሞም ዝተደንገጉ ንፁራት መምርሕታት በደልቲ ናይ ምምማይ፣ ምፅራይን ውፅል ስራሕ ናይ ምቁራፅን ዕማም ዝፍፅሙ ፍሉያት መሓውራት ምጥያሽ ይጠልብ።

### ጥንካረታት

- ነባራት መሓውራት ስለዝጥቀም ሃፍቲ ይቑጥብ
- ህንፀት ዓቕሚ ትካላት የሳልጥ
- ነቲ ስራሕ ዝውንን ትካል ምህላዉ መልዕሎኡ እዩ፣ ፖለቲካዊ ቁመና ኣለዎ፣ ኣብ ከይዲ ዘጋጥሙ ስግኣታት ብዝሓሸ መንገዲ ክምልስ ይኽእል

### ስግኣታት

- ትካላዊ ነፃነትን ዘይሸራዊ ኣካይዳን ዝግድብ እዩ፣ ስእነት ቅቡልነት ኣለዎ
- ነቲ ስራሕ ዓለምለኻዊ መለክዕታት ብዘማልእ ኣግባብ ንምፍፃም ስእነት ዓቕምን ባህግን ክግድቦ ይኽእል
- ውሳነታት ብፖለቲካዊ መለክዒ ክውሰኑ ዝኽእሉሉ ዕድል ኣሎ፣ ካብ ግቡእ ምፅራይን ርክብ ስራሕ ምቁራፅን ንላዕሊ ክፍተታት ንምምላእን ጕንፂ ንምእላይን ትኹረት ክወሃብ ይኽእል እዩ

## ፪.፱ ውሳነ ዘድልዮም ካልኦት ወሰንቲ ጉዳያት

ካብቶም ኣብ ላዕላይ ዝተዘርዘሩ መማረፅታት ስርዓት ፍትሒ ስግግር ብተወሳኺ ኣብ ከይዲ ምቕራፅን ምፍፃምን ኣግባባት ስርዓት ፍትሒ ስግግር ኢትዮጵያ እዞም ዝስዕቡ ነገራት ውሳነ ዝጠልቡ እዮም።

### ፪.፱.፩ ወሰን ግዜ ስርዓት ፍትሒ ስግግር

ወሰን ግዜ እቲ ከይዲ ፍትሒ ስግግር ኣቐዲሙ ክውሰን ኣለዎ። እቲ መጀመሪ ግዜ መረዳእታ ምእካብ ናብ ዘይከኣሎ ግዜ ንድሕሪት ብዙሕ ክምጠጥ የብሉን። እዙይ እንትበሃል ግን ኣብ ዝሓለፈ ግዜ ዝተፈፀሙ ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት ከይፃረዩ ብዝገብር ኣግባብ ካብ ቀረባ ግዜ ይጀመር ኣባህላ ኣይኮነን፣ እዙይ ዕላማን ውፅኢታውነትን ስርዓት ፍትሒ ስግግር ዝኸሽፍ እዩ። እቲ ቐንዲ ሓሳብ፣ ከይዲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ዝጅምረሉ ግዜ ብጥንቃቐ ክውሰን ኣለዎ፣ ኣብ ኢትዮጵያ ድማ ፍሉያት ሃገራዊ ኩነታት ኣብ ግምት ኣእቲኻ ክውሰን ኣለዎ።

ኣብ መወዳእታ እቲ ከይዲ ፍትሒ ስግግር እቲ ፖሊሲ ተሓንፂፁ ኣብ ስራሕ ዝውዕለሉ ግዜ እውን ክሽፍን ኣለዎ። ኣብዚ ሰነድ ቀዳማይ ክፋል ከምዝተገለፀ፣ ዝተፈተኑ ስጉምትታት ስርዓት ፍትሒ ስግግር ምፍሻሎም ኣብ ግምት ኣእቲኻ እንትርእ ኣብ ኢትዮጵያ እዚ ወሰን ግዜ ልዑል ትርጉም ኣለዎ። ብተወሳኺ፣ ሰፋሕቲ ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት፣ ጕንፅታትን ኲናት ሕድሕድን ምግናኖም እንትርእ እቲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ኣብ ቀረባ ግዜ ዝተፈፀሙ ተግባራት ምእንቲ ከጠቓልል ኣብ ተግባር ዝውዕለሉ ግዜ እውን ክሓቁፍ ምግባር ምኽንያታዊ እዩ።

ዝጅምረሉ ግዜ  ብዝምልከት እዞም ዝስዕቡ መመማረፅታት ኣለዉ፡

### ቅድሚ ፲፱፻፹፫ ዓ.ም ዝነበረ ግዜ ዝሽፍን ወሰን ግዜ

ስርዓት ፍትሒ ስግግር ኣብ ኢትዮጵያ ዝጅምረሉ ግዜ ንምውሳን ሰለስተ መማረፅታት ክቐርቡ ይኽእሉ እዮም። ኢትዮጵያ ኣብ ኩሎም ምዕራፋት ታሪኽ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ዝጠልቡ ሰፋሕቲ ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት ሪእያ እያ። መጀመሪያ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ክኸውን ዘለዎ ግዜ መዓዝ እዩ ኣብ ዝብል ሪእቶ ህዝብን ምሁራትን ዝተፋላለየ እዩ፣ ሓደሓደ ካብ ዘበን ሓፀይ ምኒልክ፣ ካልኦት ካብ ዘበን ሓፅይ ሃይለስላሰ ካልኦት ድማ ካብ ፲፱፻፷፯ ዓ.ም ክጅመር ኣለዎ ዝብሉ ኣለዉ። በዚ ኣማራፂ መሰረት ከይዲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ካብ ቅድሚ ፲፱፻፹፫ ክጅምር ይግባእ ማለት እዩ፡፡

#### ጥንካረታት

- ኣብ ታሪኽ ዝተፈፀሙ ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላትን ዝተፈጠሩ ቂርታታትን ብሰፊሑ ብይቕረታ፣ ዕርቅን ካልእ መንገድታትን ንምፍታሕ፣ ኣብ ሕሉፍ ተሸኺልካ ንዘይምንባር እውን ይሕግዝ

### ስግኣታት

- ግዜ ምንውሑ ግዳያትን መሰኻኽርን ንምርካብ ኣፀጋሚ ይገብሮ
- ሰፊሕ ወሰን ግዜ ንሕሉፍ ናይ ሓሶት/ዝተዛብዐ ትርጉም ክወሃቦ ክገብር ይኽእል እዩ
- ኣብ ሕሉፍ ግዜ ንዝተፈፀሙ ብዙሓትን ሕልኽላኻትን ኣጋጣሚታት ዝወሃቦም ትርጉም ዘይከሰማምዕ ይኽእል
- ኣብ ህልው ኩነታት ትኹረት ከይግበር ይገብር፤ እዙይ ድማ ንዕላማ እቲ ከይዲ ብኣሉታ ይፀልዎ እዩ
- ነቲ ከይዲ ንምፍፃም ነዊሕ ግዜ ክወስድ ይኽእል እዩ ዝበለፀ ስልቲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ንምወሳድ ዝሓሸ ኣካይዳ ኣብ ርሑቕ-ሕሉፍ (ቀደም) ዝተፈፀሙ ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት ብስርዓት ፍትሒ ስግግር ካብ ክርአዩ ብመስርሓት ኮሚሽን ሃገራዊ ምይይጥ እንተዝረአዩ ይምረፅ።

### ድሕሪ ፲፱፻፹፫ ዓ.ም ዘሎ ግዜ ዝሽፍን ወሰን ግዜ፥

እቲ ካልኣይ መማረፂ ክኸውን ዝኽእል ስርዓት ስግግር ፍትሒ ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ. ካብ ፳ ጉንበት ፲፱፻፹፫ ዓ.ም ጀሚሩ ስልጣን ካብ ዝሕዝ ዘሎ ግዜ ክሽፍን ምግባር እዩ። እዚ ግዜ እዙይ ኣብ ኢትዮጵያ ካብ ድንጋገ መንግስቲ ስግግር ጀሚሩ ገስገስቲ ድንጋገታት ሰብኣዊ መሰላት ብምክታት ኣብ ኢትዮጵያ 'ሓዱሽ ፖለቲካዊ ምዕራፍ' ዝኸፈተ ግዜ ስለዝኾነ ካብዚ ግዜ እዙይ ምጅማር ግቡእ ይመስል።

### ጥንካረታት

- ንምእላዩ ዘየፀግም ንውሓት ግዜ እዩ
- መበቆሎም ምስዚ ግዜ እዚ ዝተሓሓዝ ሰፋሕትን ቀፀልትን ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት ንምፍታሕ የኽእል
- ሓበሬታን መርትዖን ብቐሊሉ ንምርካብ ኣየፀግምን
- ኣብ ሓፂር ግዜ ልዑል ፅልዋ ክህልዎ ዝኽእል ምኻኑ መልዕሎኡ እዩ

### ስግኣታት

- ኣብ ፀቢብ ግዜ ምትኳሩ ኮነ ኢልካ መሪፅካ ንምኽሳስ ዝተገበረ እዩ ዝብል ቁርታ ክፈጥር ይኽእል እዩ
- ሰላም፣ ምርግጋእን ሕገ-መንግስታዊ ግቡእን ኣብ ዘይነበረሉ ግዜ ስግግር ዝተፈፀሙ ተግባራት ስለዝሸፍን ንምፍፃሙ ከፀግም ይኽእል እዩ

**ድሕሪ ፲፱፻፹፯ ዓ.ም ዘሎ ግዜ ዝሸፍን ወሰን ግዜ፥**

እዚ ምዕራፍ ታሪኽ እዙይ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ዝጅምረሉ ግዜ ክኸውን ምምራፁ ግቡእ ክባሃል ይከኣል እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ሕገ-መንግስታዊ ታሪኽ እታ ዓዲ ነጥቢ መቐይሮ እዩ፤ እቲ ፌደራላዊ ሕገ-መንግስቲ ዝፀደቐሉን ሰብኣዊ መሰላት ንምኽባር፣ ንምሕላውን ንምምላእን ንፁር ድንጋገ ዝተደንገገሉን ስለዝኾነ (ዓንቀፅ ፱)።

**ጥንካረታት**

- እዚ መማረፂ ነቲ ኽይዲ መሰረት ዝኸውን ሕጋዊ መስርሕ ዘለዎ እዩ
- ተሓታትነት ንምርግጋፅ ተሪር መሰረት ኣለዎ፤ እቲ ሕገ-መንግስቲ ስልጣንን ሓላፍነትን ሰበ-ስልጣንን ሰብሞያን ኣነፂሩ እዩ
- ሓበሬታን መርትዖን ብቐሊሉ ንምእካብ ዕድል ይህብ
- ኣብ ሓፂር ግዜ ክዛዘም ዝኽእል ምኳኑ መልዕሎኡ እዩ

**ስግኣታት**

- መሪፅካ ንምኽሳስ ዝተገበረ እዩ ንዝብል ሪእቶን ነቐፌታን ህዝቢ ክቃላዕ ይኽእል እዩ
- ሓደ ብኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ዝምራሕ መንግስቲ ኣብ ዝነበረሉ ግዜ ንዝተፈፀሙ ተግባራት ቅድምን-ድሕርን ምፅዳቕ ሕገ-መንግስቲ ኢልካ ምፍላይ ተቐባልነት የብሉን ክባሃል ይከኣል እዩ

**ድሕሪ ፳፻፲ ዓ.ም ዘሎ ግዜ ዝሸፍን ወሰን ግዜ፥**

ሚያዝያ ፳፻፲ ዓ.ም ከም መበገሲ ግዜ ክውሰድ ይኽእል እዩ፤ እዚ ግዜ መሰረታዊ ለውጢ ስርዓት-መንግስቲ ዝውክል እዩ። ብኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ዝምራሕ ዝነበረ መንግስቲ ከም ሓዱሽ ተዋቒሩ እዩ፣ ለውጢ-ተኮር ዝኾነ ሓዱሽ መሪሕነት ናብ ስልጣን መፂኡ፣ ኣብ ሕሉፍ ዝተፈፀሙ ጥሕሰታት ኣፍልጦ ሂቡ፣ ንከበድቲ ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት ብዕሊ ይቕረታ ሓቲቱን ዓሚቕ ተሓድሶ ክገብርን ስርዓት ዲሞክራሲ ክተክልን እውን ተማፂኑ እዩ።

**ጥንካረታት**

- ፀቢብ ወሰን ግዜ ስለዝሸፍን ስሉጥ ከይዲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ክህሉ የኽእል
- ዝተፈፀሙ ተግባራት ንምፍላይን ሓበሬታን መርትዖን ብቐሊሉ ንምእካብን ዕድል ይህብ

**ስግኣታት**

- ኣብ ግዳያት ዝሓለፉ ጥሕሰታት ቂርታ ክፈጥር ይኽእል
- ቀፃልነትን ስርዓታውነትን ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ግምት ስለዘይእቱ ውፅኢታዊ ዘይክኾን ይኽእል
- ናይቶም ፀገማት ታሪኻዊ መሰረት ኣይርእን፣ ኣይፈትሕን
- መሪፅካ ንምኽሳስ ዝዓለመ እዩ ንዝብል ሪእቶ ህዝቢ ክቃላዕ ይኽእል እዩ

**ንኽሲ ድሕሪ ፲፱፻፹፯ ዓ.ም ዘሎ ግዜ ዝሸፍን ወሰን ግዜ፣ ንዕርቅን ካሕሳን ግን ሓበሬታን መረዳእታን ካብ ዝተረኸበሉ ዝኾነ ግዘ፡-**

ዓመት ፲፱፻፹፯ ዓ.ም ስልጣን መንግስቲ ስግግር ዝተዛዘመሉ፣ ፌደራላዊ ሕገ-መንግስቲ ዝፀደቐሉን መንግስቲ ሰብኣዊ መሰላት ንምኽባር፣ ንምሕላውን ንምምላእን ንፁር ሓላፍነት ዝተሰከሙሉን ግዜ ይውክል። እዙይ ንዓመት ፲፱፻፹፯ ዓ.ም መጀመሪ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ክኸውን ተመራፂ ይገብሮ። ባእታ ክሲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ብዝምልከት ብዘይካ እቶም ከበድቲ ዓለምለኻዊ ገበናት ክሲ ዝቐርበሉ ወሰን ግዜ (ይርጋእ) ከምዘለዎም ንፁር እዩ (ብሕጊ ውሽጢ ዓዲ ዝለዓለ ፳፭ ዓመት)።

ብመንፅር እዙይ፣ ንኢትዮጵያ ከም ሓደ መማረፂ ክኸውን ዝኽእል ኩሎም ዋኒናት ክሲ ድሕሪ ፲፱፻፹፯ ዓ.ም ዘሎ ግዜ ጥራሕ ዝሸፍኑ ክኾኑ ብንፁር ምውሳንን ንሓቂ ምውፃእ፣ ንዕርቅን ንኻልኦት ባእታታትን ስርዓት ፍትሒ ስግግርን ድማ ካብ ዝኾነ ይኹን ቅድሚኡ ዘሎ ግዜ ሓበሬታን መርትዖን ምእካብ ክኸውን ይኽእል እዩ።

**ጥንካረታት**

- ተሓታትነት (ገበን) ንምርግጋፅ ተሪር መሰረት ኣለዎ፤ እቲ ሕገ-መንግስቲ ስልጣንን ሓላፍነትን ሰበ-ስልጣንን ሰብሞያን ኣነፂሩ እዩ
- ዝተፈፀሙ ተግባራት ብቐሊሉ ንምንፃርን ሓበሬታን መርትዖን ንምእካብን ዕድል ይህብ
- ቅድሚ ፲፱፻፹፯ ዓ.ም ዝነበሩ ውጥጣት ብኻልኦት ደገፍቲ ስልትታት ስርዓት ፍትሒ ስግግር ዕልባት ንምሃብ ዕድል ይህብ

- ካብ ጉዳያት ገበን ወፃኢ ንዘለዉ ጉዳያት ክሳብ ሓበሬታ ዝተረኽበሉ ግዜ ብምምላስ ፍትሕ ንምሃብ ይሕግዝ

## ስግኣታት

- ግዳያት ስምዒት ስእነት ፍትሒ ክስምዖም ክገብር ይኽእል እዩ፤ ንኽስን ንኻልኦት ስልትታት ስርዓት ፍትሒ ስግግርን ወሰን ግዜ ስለዘቕምጥ ዳልዋ ዝፈጥር እዩ ክባሃል ይኽእል እዩ
- ኣብ ፀቢብ ግዜ ምትኳሩ መሪፅካ ንምኽሳስ ዝተገበረ እዩ ክባሃል ይከኣል እዩ
- ብሓደ ስርዓት ንዝምራሕ ግዜ ቅድምን ድሕርን ምፅዳቕ ፌደራላዊ ሕገ-መንግስቲ ኢልካ ምፍላይ ተቐባልነት ክስእን ይኽእል እዩ

### ፪.፱.፪ ግደ ምምሕዳራት ክልላትን ከተማታትን ኣብ ከይዲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር

ፌደራላዊ ስርዓተ-መንግስቲ ኣብ ዘለወን ዓድታት፣ እቲ ፌደራላዊ መንግስቲ ፖሊሲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ናይ ምቕራፅን ምፍፃምን ሓላፍነት ኣለዎ። ምኽንያቱ ትርጉም ዘለዎ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ዝህሉ ብሃገርለኽ እንትፍፀምን ንኹሎም ከባብታት እታ ዓዲ እንትሽፍንን ስለዝኾነ እዩ።

ኣብ ኢትዮጵያ ነቲ ከይዲ ከበግስ፣ ከተሓባብርን ክመርሕን ዝኽእል ዝሓሸ ፀፍሒ እቲ ፌደራላዊ መንግስቲ እዩ። እቲ ፌደራላዊ ሕገ-መንግስቲ እውን እቲ ፌደራል መንግስቲ ኣብ ብዙሓት ዓውድታት ፖሊሲ ክሕንፅፅ ስልጣን ሂቡዎ እዩ። ብሞያዊ ኣፈፃፅማ እንትርአ እውን እዚ መማረፂ እዙይ ባይታ ዘለዎ እዩ። ንኣብነት ከበድቲ ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት ዝምልከቱ ገበናት ናይ ምፅራይን ምኽሳስን ስልጣን ናይ ፌደራል መንግስቲ እዩ።

ተመኩሮ ብዙሓት ዓድታት እውን ነዚ መማረፂ እዙይ ዝድግፍ እዩ። ነዙይ እቲ ቐንዲ ምኽንያት ስርዓት ፍትሒ ስግግር መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ዝተኸፋፈላን ኣፈላላይ መንነት ዘለወንን ዓድታት ስለዝካየድ ናይ ማእኸላይ መንግስቲ ስልጣን እንትተመቓቐሉ እቲ ከይዲ ክጭወ ወይ ዝገደደ ማሕበራዊ ምግምማዕ ንምፍጣር ክውዕል ይኽእል እዩ። ብመንፅር እዙይ፣ እቲ ከስርሕ ዝኽእል መማረፂ እቲ ሓላፍነት ንማእኸላይ መንግስቲ ምውሃብ እዩ።

እዙይ እንትባሃል መሓውራት ከባቢያዊ ምምሕዳር ግደ የብሎምን ንምባል ኣይኮነን፤ ብዕሒት ስርሖም ብግቡእ ብዝተፀንዐን ብመትከላት ፌደራላዊ ስርዓትን ክውሰን ኣለዎ ኣባህላ እዩ። ግዲኦም ክፍፀም ዘለዎ ኣብ ውሽጢ ፌደራላዊ መንግስቲ ዝመርሖ መስርሕን ኣብ ሞንጎ ክልቲኦም

ፀፍሕታት ውፅኢታዊ ምርድዳእ ክህሉ ብዘኽእል ትካላዊ መሓውርን ክኸውን ኣለዎ። እዙይ ጥራሕ እዩ ውፅኢታዊ መፈፀምታ እቲ ከይዲ ከምፅእ ዝኽእል።

ብተግባር፣ ማእኸላይ መንግስቲ ኣብ ዝመርሖ ሃገራዊ ዕማም ተሳትፎ ኣካላት ክልላዊ ምምሕዳር ብብዙሓት ምኽንያታት ጠቓሚ እዩ። ቀዳማይ፣ እቶም ብስርዓት ፍትሒ ስግግር ዝረኣዩ ጥሕሰታት ዝተፈፀሙሉን እቶም ፈፀምቲ ዝነብሩሉን ቦታ ኣብ ክልላት ክኸውን ይኽእል እዩ። ካልኣይ፣ ሓደሓደ ጥሕሰታት ብተሳትፎ ክልላት ዝተፈፀሙ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ብፍላይ ድማ፣ መሓውራት ክልላዊ ምምሕዳር ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ ምስላጥ፣ ነቲ ከይዲ ሓገዝ ኣብ ምሃብ፣ ኣብ ክልላዊ ዓውዲ ዝተፈፀሙ ጥሕሰታት በቲ ከይዲ ምሽፋኖም ብምርግጋፅ፣ ኣብቲ ከይዲ ግደ ክህልዎም ዝኽእል ባህላዊ ፀጋታት ኣብ ምንፃርን ክልላዊ ሰብሞያ፣ ማሕበራት ሓፋሽን ካልኦት ትካላት ነቲ ከይዲ ክሕግዙ ኣብ ምልዕዓልን ወሳኒ እጃም ክፃወቱ ይኽእሉ እዮም።

ከም መጠቓለሊ፣ስርዓት ፍትሒ ስግግር ውፅኢታውን ንክኸውን ምምህዳር ክልላት ምስ መንግስቲ ፌደራል ተሓባቢረን ክሰርሓ ኣለወን፡፡ እዚ ንምዕዋት ድማ ግቡእ ትካለዊ ኣወዳድባ ክህሊ ዝግባእ ኾይኑ፣ ከምቲ ኣብ ሓደ ሓደ ሃገራት ዝተርኣየ ተሞክሮ ብረጃ ክልል ካብ ዝተፋላለዩ ዝምልከቶም ትካላት ዝተወከልሉ ኣማኻሪ ኮሚቴ ጠቓሚ ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡

**፪.፱.፫ እጃም ባህላዊ ስርዓታት ፍትሒ**

ከም ስነ-ሓሳብ፣ ስርዓት ፍትሒ ስግግር እንትባሃል ካብ ስሩዕ ስርዓት ፍትሒ ወፃእ ወይ ጐኒ-ንጐኑ ዝካየድ ኣብ ባህሊ፣ እምነትን ልምድን ማሕበረሰባት ተደሪኹ ዝፍፀም ከይዲ እዩ። ከም ሓቂ ምውፃእ፣ ዝተፋላለዩ ዋኒናት ኣፃሪኻ ምውሳን፣ ጉዳያት ካሕሳን ጕንፂ ምእላይን ምክልኻልን ዝኣመሰሉ ተግባራት ድማ የጠቓልል።

ኣብ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ባህላዊ ስርዓታት ፍትሒ ወሳኒ እጃም ክፃወቱ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ባህላዊ ስርዓት ፍትሒ ሓቂ ኣብ ምውፃእ፣ ኣብ ምሕረትን ዕርቅን ንስሩዕ ስርዓት ፍትሒ ዝድግፍ ተመኩሮ ኣሎ እዩ። ኮይኑግን፣ ባህላዊ ስርዓታት ፍትሒ ኣብ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ፣ ምኽባር ሰብኣዊ መሰላትን ካልኦት ፖለቲካውን ምስ ናፅነት ዝተሓሓዙ ስኽፍታታት ዘልዕሉ እዮም።

ኣብ ኢትዮጵያ ብፍሉይ ዘሎ ዓሚቑ ብሄራውን ሃይማኖታውን ፍልልይ ህዝብታት ድማ ብብርኪ ሃገር ተፈፃሚ ዝኸውን ስርዓት ባህላዊ ፍትሒ ምርካብ ፍፁም ከቢድ ይገብሮ። ስለዝኾነ፣ ወሳኒ ግደ ባህላዊ ስርዓታት ፍትሒ ኣፍልጦ ክወሃቦ ዝግባእ ኮይኑ ኣፈፃፅምኡ ግን ብግቡእ ተፀኒዩም ኣብ ዝተመመዩ ከባቢያዊ ዓውድታት ክኸውን ኣለዎ። እዙይ ብባህላዊ ስርዓት ፍትሒ ክርአዩ ዘለዎም

ዋኒናትን ዝፍፀመሉ ከባብን ብምፍላይ ዝፍፀም እዩ። እዙይ ፃዕቒ ስራሕ ስሩዓት መሓዉራት ፍትሒ የቃልል፣ ንዘላቒ ሰላም፣ ዕርቅን ምሕረትን ኣስተዋፅኦ ብምግባርን እውን ውፅኢታውነት እቲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር የረጋግፅ።

# ፫ይ ክፋል፡ ከይዲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ዝምረሐሎም መትከላትን መማረፅታት ትካላዊ ኣቃውማን

## ፫.፩ ከይዲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ዝምርሓሎም መትከላት

ብተወሳኺ፣ ንኩለመዳያውነትን ውፅኢታውነትን እቲ ከይዲ እቲ ትካላዊ መስርሕ ኣብ ሞንጎ ዝተፋላለዩ ስልትታትን ኣግባባትን ስርዓት ፍትሒ ስግግር ምንባብን ምድግጋፍን ዘሳልጥ ክኸውን ኣለዎ።

ኣብ ሃገርና ዝትግበር ከይዲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ኣብዞም ዝስዕቡ መትከላት መሰረት ብምግባበር ዝተወጠነን ዝትግበርን ክኸውን ይግባእ፡፡

**ምርግጋፅ ሃገራዊ ባዓልዋናነት፡**

ስርዓት ፍትሒ ስግግር ሓንቲ ሃገር ባዕላ ንባዕላ እትገብሮ መስርሕ እዩ፡፡እቲ ከይዲ ብታ ናይታ ዓዲ ትካላትን ክምራሕ ይግባእ፡፡እዚ ድማ ሃገራዊ ክብሪ ዝሕሉን መግለፂ ሃገራዊ ልኡላውነትን እዩ፤ ከምኡ እውን ንልዕል ሕግን ህንፀት ትካላትን መሰረት ዘንፅፍ ይኸውን፡፡

**ዓውደ-ተኮር ፡**

ከይዲ ፍትሒ ስግግር ኣብ ሓሳባትን ድሌታትን ህዝቢ ዝኾነ ፍትህን ዕርቅን መሰረት ዝገበረን ፍሉ ኩነታት ኣብ ግምት ዘእትን ክኸውን ኣለዎ፡፡ ብተወሳኺ፤ እንታይነት እቲ ጎንፅን ትሕዝቶ ሲዕቡ ዝመፀ ጥሕሰት መሰላትን፤ጥቕዓት ዝበፅሖም ህፃናት፣ደቂ ኣነስትዮን ካልኦት ኣካላትን ዝርከቡሉ ኩነታት ኣብ ግምት ከእቲ ይግባእ፡፡

**ተሳትፎ ህዝቢ ምርግጋፅ፡**

ዝኾነ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ክመርሕ ዝጣየሽ ትካላዊ ኣቃውማ ቅቡል፣ ናፃ፣ ዘይሸራዊ፣ ኣሳታፊ፣ ውፅኢታውን ስሉጥን ክኸውን ኣለዎ። ተሳትፎ ህዝቢ ዘረጋግፅን ኣብ ንፁር ኣሰራርሓን ምሕደራ ሃፍትን ዝተደረኸ ክኸውን ኣለዎ።

**ኣሳታፋይ ፡**

ከይዲ ፍትሒ ስግግር ኣብ ኩሉ መድረኻት ኩሎም ወገናት ብማዕረን ብፍትሓውነትን ከሳትፍ ኣለዎ። ብተወሳኺ ኣብ ፍሉይ ኩነታትን ድሌታትን፣ ዝተገለሉን ተቓላዕቲን ክፋላት ሕብረተሰብ ከም ደቂ ኣንስትዮን፤ ኣረጋውያን፣ ጉዱኣት ኣካልን መናእሰይን መሰረት ዝገበረ ክኸውን ይግባእ።

**ዝተዋደደ ትግበራ፡**

እቲ ከይዲ ፍትሒ ስግግር ውፅኢት ከመዝግብ እንተደኣ ኾይኑ ዝተፈላለዩ ናይ ፍትሒ ስግግር ስትራተጂታትን ኣገባባትን ኣወሃሂዱ ዘተግብር ክኸውን ይግባእ። ሓደ ኣገባብ ፍትሒ ስግግር ጥራሕ ምትግባር ወይድማ ዝተፈላለዩ ኣገባባት ከይኣወሃሃድካ ምትግባር፡ ዕዉት ውጽኢት ከምፅእ ኣይኽእልን። ዘይተወሃሃደ ኣካይዳ ካብ ጥቕሚ ንላዕሊ ጉድኣት ከስዕብ ይኽእል እዩ። ስለዚ ኣብ ሃገርና ዕዉት መስርሕ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ክህሉ እንተኾይኑ እቲ ሓደ መንገዲ ፍትሒ ስግግር ነቲ ካልእ ክትክኦ የብሉን።

***ናይ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ስልትታትን መንገደታትን ቅደም ሰዓብን ሚዛንን ምሕላው፡***

*መማረፂ ስልትታትን መንገድታትን ስርዓት ፍትሒ ስግግር ንምውህሃድ ንምትግባር ዝስርሑ ስራሕቲ በቲ ሓደ ወገን ዕላማታት ሰላምን ዕርቅን ንምትንኻር በቲ ካሊእ ወገን ድማ ሃላፍነትን ተሓታትነትን ንምዕቃብ ፤ ከምኡ እውን ንኹሉ ዝሓቁፈን ዕብየት ንምምፃእን ዝዓለመ ክኸውን ይግባእ ፡፡*

***ዘይሻራዊነት**:*

*እቲ ኣሰራርሓ ዘይወገናዊ፣ ኣብ ዕላማን መትከላትን ዝተመስረተ ክኸውን ኣለዎ፣ እዚ ድማ ኣብ መንጎ እቶም ኣብ መስርሕን ምትግባርን ስርዓት ፍትሒ ስግግር ዝሳተፉ ወገናት ምትእምማን ክፈጥር ይኽእል።*

### ፫.፪ መማረፅታት ትካላዊ ኣቃውማ

ኣብ ኢ/ያ ዝትግበር ክትግበር ተተሊሙ ዘሎ መስርሕ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ካብዞ ልዕል ኢለም ኣብዚ ሰነድ ዝተጠቐሱ መማረፂታት ትካላዊ ኣቃውማ እንተደኣ ተኸቲልና እቶም ስራሕቲ ብዙሓት ትካላት ክትግብርዎም ዝግብኡ ኮይኖም ንረኽቦም፡፡ሓዱሽ ኮሚሽን በምምስራት ስርዓት ፍትሒ ስግግር ምትግባር ዝብል መመረፂ ኣብ ካልኣይ ክፋል እዚ ሰነድ ብተደጋጋሚ ቀሪቡ እዩ፡፡እቲ ዝምስረት ኮሚሽን ዝተወሰኑ ስራሕቶ በይኑ ክሰርሖምን ዝተረፉ ስራሕቲ ድማ ካልኦት ትካላት ኣተሓባቢሩ ክሰርሕን እዩ፡፡ ሽም እቲ ኮሚሽን ድማ ኮሚሽን ሓቅን ዕርቅን ሰላምን ወይ ከዓ ኮሚሽን ሓቅን ዕርቅን ወይ ድማ ኮሚሽን ሓቂ፣ፍትሕን ዕርቅን ክበሃል ይኽእል፡፡ ኣብዝሓለፈ ኣብዛ ሃገር ተመስሪቱ ዝነበረ ኮሚሽን ዕርቀ ሰላም ትምህርቲ ብምውሳድን ዓለምለኻዊ ተሚክሮታትን ትምህርቲ ብምውሳድ ፤ ብሕጊ ዝወሃቦ ስልጣንን ሓላፍነትን ክትግብር ዝኽል ትካል ምምስራት የድሊ፡፡

ስራሕቲ ምትሕብባርን ምውህሃድን ዘይተረርፍ ዕማም እዩ፡፡ ስለዚ ዕውትን ምሉእን ከይዲ ምእንታን ክህሊ ኣተን ትካላት ንምትሕብባር ዘኽእል ኣወእንተኾነ ግና እዚ ዝምስረት ሓዱሽ ኮሚሽን ከም መማረፂ ተቐባልነት እንተረኺቡ ጉዳያት ምኽሳስን ካሕሳን ንካልኦት ትካላት ዝወሃብ ሓላፍነት ክኸውን እዩ፡፡ስለዝኾነ እዞምዳድባ ምትላም የድሊ፡፡ ስለዝኾነ ድማ እቲ ፖሊሲ ዝውንን ኣፈፃፅምኡ ዝከታተል ሃገራዊ ስርዓት ፍትሒ ስግግር መተሓባበሪ ቦርድ ( ቤት ምኽሪ ) ምምስራ ኣድላዪ ክኸውን እዩ፡፡

ብተወሳኺ ልዕል ኢሉ ዝተጠቐሰ ናይ ምትሕብባርን ምውህሃድን ኣወዳድባ ሓዱሽ ዓቕሚ ብምውሳኽ፣ ከምኡ እውን ንዋንካረታትን ድኽመታትን ናይቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ክልተ ትካላዊ መማረፅታት ብምውህሃድ ዝተፈለየ ኣወዳድባ ናይ ምምስራት ተኽእሎ ክህሉ ይኽእል እዩ፡፡ እዚ መማረፂ ዝስዕቡ መግለፅታት ይህልውዎ፡፡

#### ሃገራዊ ስርዓት ፍትሒ ስግግር መተሓባበሪ ቦርድ ( ቤት ምኽሪ ) ምምስራት

እዚ ትካል ነቲ ፖሊሲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ዝውንን እንትኾን ካልኦት ትካላት ድማ በመሰረት እቲ ፖሊሲ ስርሐን ንክፍፅማ ናይ ምክትታልን ምርግጋፅን ሓላፍነት ክህልዎ ይግባእ፡፡ ብተወሳኺ ኣድላይነቱ ተራእዩ ብደረጃ ክልላት ክምስረት ይኽእል እዩ፡፡

እቲ ጉባኤ (ቤትምኽሪ) ኣባላቱ ብሓደ ወይ ብኻልእ መንገዲ ዕማማት እቲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ኣብ ምፍፃም፣ ምክታትልን ምድጋፍን ካብ ዝሳተፉ ትካላት ክምልምል ይኽእል እዩ። ዝርዝራት ብሕጊ ዝውሰን እኳ እንተኾነ፣ተወከልቲ ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ካብ ቤትምኽሪ ወከልቲ ህዝቢ፣ ኣብያተ ፍርዲ ፌደራል፣ ሚኒስቴር ፍትሒ፣ ኮሚሽን ፖሊስ ፌደራል፣ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያን ኮሚሽን ሃገራዊ ምይይጥን ባህላዊ ስርዓታት፡ ፍሉጣት ሰባት፡ ከምኡ'ውን ካብ ሽማግለታት። ክምልመሉ ይኽእሉ እዮም።

ካብ ሕብረተሰብ ዝምረፁ ኣባላት እቲ ቤት ምኽሪ ብዝምልከት ዝምልመልሉ ኣገባብ ነፃን ዘይሻራውን ብዝኾነ መንገዲ ክኸውን ኣለዎ፡፡

ናይቲ ቤትምኽሪ መዝነት ኣቦመንበርን ሓላፊ ቤትፅሕፈትን ድማ በቶም ኣባላት ክተሓዝ ይግባእ። እዞም ውልውሰባት ብተኣማንነቶምን ዕቡቕ ጠባዮምን ዝተመስከረሎም፣ ነቲ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ድማ ከምናቶም ዝርእዩዎ ክኾኑ ይግባእ።

**ቤት ፅሕፈት መተሓባበሪ ጉባኤ (ቤትምኽሪ) ስርዓት ፍትሒ ስግግር፡-**

ቤት ፅሕፈት እቲ ጉባኤ (ቤትምኽሪ) ኣብ ስልጣን ሕድሕድ ትካላት ዘይተሸፈኑ መዓልታዊ ስራሕቲ ናይ ምትሕብባርን ምፍፃምን ሓላፍነት ኣለዎ።ሓድሽ ኮሚሽን እንተተጣይሹ ድማ እቲ ቤት ፅሕፈት ተፀዋዕነቱ ነቲ ኮሚሽን ይኸውን። ሓዱሽ ኮሚሽን ዘይጣየሽ እንተኾይኑ ግና ኣብ ካልኦት ሃገራት ብተመኩሮ ንኮሚሽናት ዝወሃብ ስልጣን ምውፃእ መምርሒታት ምዕራይ ሓቂ፣ ይቅርታ፣ ኣገባብ ዕርቂ፣ ኣገባብ ካሕሳ ዝኣመሰሉ ስራሕቲ ክሰርሐ እዩ።ከከምኣድላዪነቱ እቲ ቤትፅሕፈት ባዕሉ ወይ ካልኦት ትካላት ክዓምዎ ብምግባር ንኩሎም ከይድታት ክቆፃፀርን ምፍፃሞም ከረጋግፅን ኣለዎ።

### ፬ መደምደምታ

ሎሚ፣ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ካብ ጉንፅን ጨቋኒ ስርዓትን ናብ ስርዓት ዴሞክራሲ ዝሰጋገሩ ዓድታት ካብ ዘለዉዎም መማረፅታት እቲ ዝሓሸ ውፅኢታዊ እዩ። ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ብዙሓት ዓድታትን ማሕበረሰባትን ካብ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ብዙሕ ተረቢሖም እዮም፣ ብብርኪ ሃገራት ይኹን ብብርኪ ዓለም እውን ብዙሕ ፍልጠትን ተመኩሮን ተዋህሊሉ እዩ።

ኣብ ኢትዮጵያ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ክሕንፀፅን ኣብ ግብሪ ክውዕልን ዘገድዱ ኩነታት ኣለዉ እዮም። እታ ዓዲ ዘላቶ ኩነታት ከምኡ ዝጠልብ እዩ። ስርዓት ፍትሒ ስግግር ህንፀት ሃገር

ንምቅልጣፍን ቀፃልነት ንምርግጋፅን ወሳኒ እዩ። ህንፀት ስርዓት ዴሞክራስን ዘላቒ ሰላምን ብዘይካ ውፅኢታዊ ስርዓት ፍትሒ ስግግር ክጋሃዱ ኣይኽእሉን። ካብዚ ይ ዘይነኣኣስ እውን ስርዓት ፍትሒ ስግግር ትርጉም ንዘለዎ ሓለዋ ሰብኣዊ መሰላትን ምኽባር መትከላት ልዕልና ሕግን ኣድላዪ እዩ።

ቅድሚ ሐዚ ኣብ ኢትዮጵያ ዝተፈተኑ መስርሓት ፍትሒ ስግግር ኣብ ምውፃእ ሓቒ፣ ዕርቂ፣ ካሕሳን ምፍጣር ሃገራዊ ምርድዳእን ዘተኮሩ ኣይነበሩን፤ ኩለመዳያውያንን ውፅኢታውያንን ኣይነበሩን። ኢትዮጵያ ካብ ሕሉፍ ተመኩሮኣ ተማሂራ ምስ ሃገራዊ ኩነታትን ዕድላትን ዝናበብን ምስብሉፃት ተመኩሮታትን ዓለምለኸ መለክዕታትን ዝቃዶን ስርዓት ፍትሒ ስግግር ክተማዕብል ይግባኣ እዩ።